# መእተዊ

ሎሚ ኣብ ቤተክርስትያን ሓያል መንፈሳዊ ጽዋዔን ጽምኢ ቃል እግዚኣብሔር ኣብ ዝስመዓሉ ዘመን መንፈሳዊ ምዕበያ ናብ ሓደ ኩውንነት ገጹ ይጽንቀቅ እሎ። ንሱ ከኣ

ንክርስቶስ
- -- ምፍላጥ
- -- ምፍቃር
- -- ምምስካርን

ዝብል እዩ።

ምክዐያቱ ክርስትና ናይ ሓደ ህያው ዝኮነ፡ ምሳና ኣብ ዘተ ኪኣቱ ናይ ዝደሊ ሰብ ተመኩሮ እዩ።

እቲ ሕያው ዓይኒ መንፈሳዊ መዕበያ ከኣ
- → ቅ.መጽሓፍ
- → ሥርዓተ ሉጥርግያ
- → ጽሑፋት ኣበው እዩ።

ኣብኡ እቲ መንፈሳዊ ነቲ ቃል ሕያው ዝርዳእን ኣብ ልማድን እምነትን ቤ/ያን ከኣ ወትሩ ሓዲስ ይገብሮ።(DV 12) እዚ መጽናዕቲ እዚ ምስ ቅዱስ መጽሓፍ ዘሎና ርክብን ሌላን መሰረት ብምግባር ፡ኣብ መሠረት ሕይወት ክርስትና ክንምለስ ከምዘሎና ዘተሓሳስብ እዩ።
ነዚ ንምግባር ኣርባዕተ ኣርእስትታት የጠቃልል።

**1, ሓጺር ታሪክዐ መንፈሳዊ ንባብ ቅ.መጽሓፍ (Lectio Divina)**
- ካብ መሠረት ኣይሁድ ክሳብ ዘመነ ኣበው
- ካብ መነኮስ ጉጎ ----- ክሳብ ኣብ ጊዜና

**2, መ/ን/ቅ.መጽሓፍ ከም ግላዊ መደብ**
- ንናይ ቀደም መነኮሳት ጠቃሚ ዝነበረ ጥራሕ ዚይኮነ ሎሚ ውን ንዓና ጠቃሚ እዩ።

ጉዕዞ -- ብንባብ ኣቢሉ ናብ ተመስጦ ካባኡ ናብ ትግባረ፡

**3, ኣገባብ ሓባራዊ ንባብ ቅ.መጽሓፍ**

ከም ኣገባብ ንቆመሳትን ንመራሕቲ ጉጅለታትን ዝተዋህበ "ነቲ ቃል ብማኅበር ኩይኖም ኪጽልዩ"

**4, ከም ኣብነታት ዝኮነ ክልተ ጸሎት (ርድተ መንፈስ ቅዱስ)**

ከም ሓቂ ዕላማ መንፈሳዊ ጉዕዞ ክርስትያን ምስቲ ቃል ምሕባር እዩ። ከም ሳዕ ቤኑ ከኣ ሕይወት ቤተክርስትያን ኣድማዒ ተግባርነት ክህልዎ እሞ ናብ ሱታፌ ኣምላክዐ ብጻይን ንኪመርሕ ዝግበር ጉዕዞ እምነት እዩ። እቲ መሰረታዊ ኣድላይነት ቃል እግዚኣብሔር ሕመረት ሓድነት ክርስትያናዊ ሕይወት ከምዝኮውን ምግባር እዩ። ክርስትያናዊ ሕይወት ቃል እግዚኣብሔር ዘማእከለ ከም ዝኮውን ምግባር እዩ።

<u>እቲ ሕቶ፥</u> ከምቲ ኣብ መ- መርታ ዝነበረ ወንጌላዊ ሕይወት ክማኡ'ውን ኣብ ዘመነ ኣበው ማለት ንባብ ቅ.መጽሓፍ ምልክት ጸሎት ሕይወትን ሓዋርያዊ ፍቅሪ

ማሕበር ክርስትና ዝነበረ ናይ ሎሚ ሕይወት ክርስትና ነዚ መበገሲ'ዚ ዳግም ክትረክቦ ትክእል'ዶ? ዝብል እዩ።
ካርዲናል ሄንሪ በዓል ሉባኮ ከምዚ ክብሉ ይምልሱ።

ሎሚ ናባና ዝሰኣን ዘሎ ብመንፈስ ቅዱስ ተሰኒና ንባብ ቅ.መጽሓፍ ምግባር እዩ። ማለት ከምቲ ጥንታዊት ቤተ/ያን ኣብ ዘመነ ኣበው ዝነበረት ቤ/ያን ትገብሮ ዝነበረት መንፈሳዊ ንባብ ቅ.መጽሓፍ ስለዘይግበር ወይ ስለዝጎደለ እዩ። "እቶም ዝሓለፉ ወለዶታት ዝነበሮም ምልኣትን ሓድነትን እቲ ምሉእ ተበግሶ ዝነበረ እምነት ንሳ ትጎድለና። ምክንያቱ እቲ ኩሉ ካብኡ ዝፍልፍል መንፈስ ይጎድለና፣ ይብሉ።
ነቲ ኣብ ጥንታዊ ዘመናት ዝነበረ መንፈሳዊ ስምዒት ቅ.መጽሓፍ ዳግም ክንረክቦ እንተድኣ ደሊና ብዓቢይ ጥልቀትን ነጻነትን ነቲ ነገራት ኣብቲ ጊዜ ባዕሉ ክንገጥም ኣድላዪ እዩ። ንሕይወት ቤ/ያን እዚ ካብ እግመ ጉባኤ ቫቲካን ፪ይ፣ መሃሪ ኣካል ቤ/ያንን ሓዲስ መንፈሳዊ ተበግሶ እዩ። እዚ ኣገባብ መንፈሳዊ ንባብ ቅ.መጽሓፍ (Lectio Divina) ኣብዚ ተጋራጫዊ ዘመን፣ ምልክታት መንፈስ ቅዱስ ንምልላይን ናይ ዘመን ምልክታት ንምትርጓም ሓጋዚ እዩ።

## 1) ሓጺር ታሪኽ መንፈሳዊ ንባብ ቅ.መጽሓፍ፣

ቸርቶሳዊ መነኮስ ጕጎ 2ይ (1115-1193) 9ይ ኣቦምኔት ቸርቶሲ ዝመርሓ ንተመኮሮ መንፈሳዊ ንባበ ቅ.መጽሓፍ ብኸምዚ ይገልጾ።

ሓደ ኣግኒ፣ ነቲ ብቅ.መጽሓፍ ገይሩ ዝሰርሕን ብኣኡ ዝግለጽን ቃሉ ኣብ ዝኾነ ኢየሱስ ንምርካብ ዝገብሮ ጉዕዞ እዩ ይብል። ቀጺሉ "ሓደ ጊዜ ኣብ ሥራሕ ተጸሚደ ከለኹ ብዛዕባ መንፈሳዊ ተግባራት ሰብ ከስተንትን - መርኩ፣ ብሃንደበት ኣብቲ ጥልቂ ኣስተንትኖይ ኣርባዕተ መንፈሳዊ ደረጃታት/ኣስካላታት ተራእየናኒ፣ ንሳተን ከኣ

| | | | |
|---|---|---|---|
| 1/ ንባብ<br>Lectio | 2/ ኣስተንትኖ<br>Meditio | 3/ ጸሎት<br>Oratio | 4/ ተመስጦ<br>Contimplatio |

እዚኣን እየን እተን ናይ መነኮሳት ኣስካላ፣ ብኣኣን ገይሮም ካብ ምድሪ ናብ ሰማይ ዝዓርጉለን።"በለ ኣምበኣር እስኪ ታሪኽ መንፈሳዊ ንባበ ቅ.መጽሓፍ ንመልከት።

### a) መንፈሳዊ ንባበ ቅ.መጽሓፍ ኣብ ናይ ጥንቲ ኣይሁድ

ካብ መ- ምርታኡ ንሃይማኖት ኣይሁድ መለለዪኡ ዝኾነ ቃለ እግዚኣብሔርን ጸሎት ነንሓድሕዶም ዝተተሓሓዙ ምኻኑ እዩ። ኣብ ኣይሁድ ንባብ ቅ.መጽሓፍ ብመንጽር ሕይወት ጽዑቅን ንእምነት ምሩጽ ሕዝቢ ዝምግብን እዩ። ረበናት ቃለ እግዚኣብሔር ፡ ቶራሕ ኣብ ፍጥረት ነፍስወከፍ ዕብራዊ ብንባብን ኣስተንትኖን ጸሎትን ዘስተማቅሮ ህላዌ ኣምላኽ እዩ፣ እዚ ከኣ ኣብ

| | | |
|---|---|---|
| ነህምያ፡- | –ንባብ<br>–መግለጺ<br>–ጸሎት | ምስ ኣምላኽ ንምርካብ ባህርያዊ ኣገባባት ዘቑሙ ነበሩ። ነህ፡8፡1-12 መጽሓፍ ሕጊ ሙሴ ኣምላኽ ንእስራኤል ዝሀቦ መጽሓፍ እዩ። |

ኣብቲ ሕሩይን በዓል ኪዳን ዝኾነ ሕዝቢ ዝተመርሐ ቃለ-እግዚኣብሔር ቶራሕ ሕያው ኩነትን፡ ኩውን ህላዌ ኣምላኽ እዩ። ንምኳኑ ኣብ ሲናይ ነቲ ጉባኤ ዝጸውዔ ምእዋጅ ሕጊ እዩ። (ዘፀ 19-24)።

ኣብ ዘመነ ኢያሱ ነቲ ኪዳን ምስ ኣምላኽ ኪሕድሱ ዝነበረ ምእዋጅ ሕጊ'ዩ፡ (2 ነገ 23፡1-25)፡ ከማኡ ብዘመን ዕዝራ እቲ ሕዝቢ ተኣማንነት ምስ ኪዳን ኣምላኽ ኪገብሩ ዝደረኾ ማእከልነትን ልዑላውነትን ሕጊ'ዩ፡ (ነህ 8፡1-12,10፡1-40)፡ ሕዝቢ እግዚኣብሔር ኣብቲ ሰማያዊ መግቢ ዝኾነ ሕጊ ይነብር።
ዘፀ 15፡26, ዘዳግ 8፡3, 32፡46-47, ምሳሌ 9፡1-5 ኢያ 8፡32-35 ሲራክ 24፡18-19 ጥበብ 16፡26

እመበኣርከስ ኣብ መንነ ሕይወትን ሥነ-ኣምልኾ (culto) ምስማዕ ቃለ-ኣምላኽ ኣሎ፡ ኣብዚ
---- ንባብ ብዓ- ብን ነዊሕን
---- መግለጽን ትርጉምን ዝሰዓበ
---- ናትካ ንምግባሩን ንምትግባሩን ዝሓትት፡
ነቲ "ሽማዕ እስራኤል .. (ዘዳግ 6፡4-5) ምዝካር ይኣክል።

ኣገልግሎት ሲናጎግ ምስቲ ብዙሕ ንባባቱ፡ ዕላማኡ ፡ ብምንጽር ሕሩይ ሕዝብን ኣብ ቅ.መጽሓፍ ዝተፈጸመ ተሰፋኡን ፡ ኣብ ሕይወት ሕዝቢ ሱር ከምዝሰድድ ምግባር እዩ።""...... (ዘዳግ 6፡6-9)"
-- ነፍስወከፍ ዕብራዊ ምስ ቅ.መጽሓፍ ቀጻሊ ክርክብ ኪገብር ግዱድ ነበረ።
-- ንሓደ ዕብራዊ ንቅ.መጽሓፍ ከንብብ ጥራሕ ዘይኮነ፡ ሓደ ቅዳሕ ኪህልዎ ይእዝዝ።
ንቃለ እግዚኣብሔር ምሕላው ጥራሕ ኣይኣክልን፡ ከተግብር ከንብብ ብውሳጣዊ ትሕትና ከኣ ኪጽንዕ ኣለዎ። እዚ ኣተሓሕዛ'ዚ ብዓቢይ ተኣማንነት በቲ ማሕበር'ውን ተሓልዩ ነበረ። በዚ ምኽንያት'ዚ "እቲ ንሕጊ ለይትን ቀትርን ዘስተንትኖ ሰብ ብፁዕ እዩ....." ኣምላኽ ንኢያሱ "ነቲ መጽሓፍ ካብ ኣፍካ ኣይተርሕቆ . . . . ኢያ 1፡8

<u>ንምዝዝም</u>፡ ንሕዝቢ ቀዳማይ ኪዳን እምነቶም ንምዕባይን ንምሕያልን፡ ኣይሁድነት ኣብ ታሪኾም ወትሩ ንባብ ቅ.መጽሓፍ ዋና ቦታ ከምዝሓዘ ዘረጋግጽ እዩ።

## 2) ንባብ ቅ.መጽሓፍ ኣብ ጥንታዊት ቤተ/ያን

ከምቲ ሓያል ጽሑፋት ሓድሽ ኪዳን ዝምስክርዎ፡ (2 ጢሞ 3፡14-16 ሉቃ4፡16-30, 24፡13-35, ግ/ሓ.8፡26-40) ክርስትና ነተን ናይ ኣይሁድ ኣገባብ ኣናብባ መግለጺ ቃለ ጸሎት ወሲዱምዎ እዮም። ጥንታዊት ቤተ/ያን ኣብ ኣብነት ኢየሱስ ብምምርኳስ ብቃል-እግዚኣብሔር ምጽላይ ቀጺላቶ እያ። እቲ ሓድሽ ነገር ኣብ ሕይወት ኢየሱስ ዘተኮረ እዩ ነይሩ።
ጥንታዊት ቤ/ያን ናይቶም ክልተ ኣርድእት ሰብ ኤማኑስ ኣብነት እያ ትከፁል (ሉቃ 24፡13-35) ናታቶም ተመኩሮ ሕይወት

1) ፍጹም ተኣዝዞ መምህሮም
2) ነታ እምነት ኣባኡ ብምንባርን
3) ኣባኡ ምልኣትን ፍጽምና ቅ.መጽሓፍ ምርኣይን ነበረ።

እዛ ሓዳስ ተመኩሮ እዚኣ ቀዳሞት ሓዋርያት ዝነብርዋ ዝነበሩ ኩነት እያ። ንሳ ግልጸት ትንሣኤ ክርስቶስን፡ እቲ ልቢ ቀዳሞት ክርስትያን ዝለወጠ ምጽኣት መንፈስ ቅዱስን እዩ። እምበኣርከስ መሠረት ክርስትና ካብቲ ሓዲስ ተመኩሮ ሓዋርያት ኩሉ ንኢየሱስ ዘማእከለ ኩነት እዩ ዝበገሰ። ኩሎም ናይ ምዕራብን ምሥራቅን ኣበው ንመንፈሳዊ ንባብ ቅ.መጽሓፍ የዘውትርዎ ነበሩ። እዚ ኣብቲ ብዛዕባ ቅ.መጽሓፍ ኣብ ዝሃብዎ ትርጉም ኪርኤ ይከኣል።

ሓደ ጭቡጥ ኣገዳስን ተግባር ጥንታዊት ቤተ/ያን፡ ልዕልና ቃለ-እግዚኣብሔር እዩ። ነዚ ኣብ ሉጡርግያ፡
1) ቅ.መጽሓፍ ብቀዳምነት ይንበብ
2) ዓሚቑ ትርጉሙ ይግለጽ
3) መንፈሳዊ ትርጉሙን

4) ንትግባሬኡ ክርስቶሳውን ቤ/ያናውን መዳዩ ከኣ ይጽዓረሉ ነበረ።

እምበኣር መንፈሳዊ ንባበ ቅ.መጽሓፍ ኣብ ጥንታዊት ቤ/ያን ከምዚ ነበረ።

## 3) መንፈሳዊ ንባበ ቅ.መጽሓፍ ኣብ ዘመነ መነኮሳት

ኣስተዋጽኦ ኣበው ቤተክርስትያን ብዘመልከትናሉ፡ ንሳቶም ብምስክርነትን እምነትን ንቃለ-እግዚኣብሔር ማእከል ክርስትያናዊ ኣተሓሳስባ ብምግባርን ንባብ ቅ.መጽሓፍ ኣብ ቤተ/ያን ከምዝንበብ ገበሩ። ንሳቶም ተርጐምቲ እቲ ቃል እያቶም። ንኣታቶም ቅ.መጽሓፍ፡ ነታ ኣብ መንግሥተ ኣምላኽ ሱታፌኡን እትወስድ መንገዲ ሕይወት ዘረጋግጽ እዩ።
ኣበው ቅ.መጽሓፍ ብምስትንፋስ መግቦም ዕለታዊ ደሞዞም ነበረ። ነዚ መጽሓፍ መዕበያኦም፡

1) ኣብ ት/ክር
2) ኣብ ስብከት

ይትርጉምዎ ነበረ።

ሓደ ንባብ ብምቅራብ ከኣ ነታ ማሕበር ክርስትና ነገረ--ድሕነት ይገልጹሎም ነበሩ። በዚ ከኣ ኣብ መንጎ ቅ.መጽሓፍን ተሎግያን መንፈሳውነትን ግብረ ተልእኾን ዘሎ ሓድነት ንጹር ገበርዎ። ናቶም ርድኢት ኩሉ ቅ.መጽሓፍ ብሉይ ኮነ ሓዲስ ብዛዕባ ክርስቶስ ይዛረብ፡ ብዛዕባ ነፍስ ወከፍ ሰብ ከኣ ይዛረብ፡ በሃልቲ ነበሩ። በኣታቶም እዚ እገባብ እዚ "መንፈሳዊ ንባብ" ቅ.መጽሓፍ ቢሎም ይሰምይዎ።

ኣብ ልማድ ባህሊ ምንኩስና መንፈሳዊ ንባበ ቅ.መጽሓፍ መንፈሳውነት ጥራሕ ዘይኮነ "ኩነት ሕይወት" እዩ። መነኮሳት ብንባብ ቅ.መጽሓፍ ኣቢሎም ክሳብ ምስ ኣምላኽ ሓደ ዝኾኑ ምስ ቃለ እግዚኣብሔር ጥቡቃት ነበሩ። በዚ ከኣ "ኣገልገልቲ ቃል" ይበሃሉ ነበሩ። ምኽንያቱ ንቃል እግዚኣብሔር ምእዛዝ እታ ቀዳመይቲ ጸጋ ነበረት።

ብኸምዚ እቲ ዓቢ መነኮስ ቅ.ኣንጦንዮስ ግብጻዊ፡ ተለውጡኡ ብቃለ እግዚኣብሔር ነበረ። ኣብቲ ጽሞና ምድረበዳ ክሳብ "ሕያው ቤተ መጻሕፍቲ" ቅዱስ መጽሓፍ ዝኸውን መንፈሳዊ ጉዕዞኡ ቀጸለ። ብድሕሪኡ ከኣ ነፍስወከፍ መነኮስ ክሳብ ናይቲ ቅዱስ ገጻትን ታሪኽ ሕያው ተመስጦ ዝኸውን ብቃለ እግዚኣብሔር ክነብር ይምዕድ፡ ምኽንያቱ እዘን ገጻት እዚኣተን ኣብ ውሽጢ ብዘሎ ተቓራኒ ነገራት ብዘይገድስ ንኣምላኽ ዝገልጻ ቃላት እየን።

ኣብ ማእከላይ ዘመን ብብዝሒ ተዘርጊሑ ዝነበረን ብዙሕ ጽልዋ ዘሕደረን ንባብ ቅ.መጽሓፍ ናይ ግረጎሪ ዓቢ ነበረ።ንሱ ልዕሊ ኩሉ ኣብ መንጎ ቃልን መንፈስን ዘሎ ርክብ ይጸቅጥ። እዚ ቅዱስ መነኮስ እዚ ድሓር ውን ር.ሊ. ጳጳስ ዝኮነ ንኣኡ ቃለ-እግዚኣብሔር ከም ናይ ሰባት ሕይወት ሞራላዊ ሕጊ ዘምርሐ ጥራሕ ዘይኮነ፡ እንታይ ደኣ ኣብ ሕይወት ቤ/ያን ሕይወት ነፍስ ወከፍ ግለ ሰብን ምሥጢረ ፍቅሪ-ክርስቶስ ክውን ኪገብሩ ኣለዎም። ስለዚ እቲ ቃልን ኣባኡ ዘሎ መንፈስን ኣብ ዝተፈላለየ ጊዝያት ታሪክዐ ድሕነት ማሕበር ክርስትያን ቀደስቲ ኪኮኑ እዮም። ድሕሪ'ቲ ፍርያም ዘመነ ኣበው ክልተ ተርእዮ ኮነ።

1) ምእመናን ካብ ንባብ ቅ.መጽሓፍ እናረሓቑ ከዱ፡ ታሪክዐቅ.መጽሓፍ ከኣ ኣብ ሥእልታት ጥራሕ ኪፈልጥዎ - መሩ።
2) ንባብ ቅ.መጽሓፍ ኣብ ገዳማት ከኣ ዓበየን ጥልቅ'ውን ኮነ።

## ውህደት ንባብን ሉጡርግያን ሥራሕን፡

እቶም ናይ ምድረ በዳ መነኮሳት ብፍላይ ምሥራቃውያን፡ ኣብ ንባብ ቅ.መጽሓፍ 1) እስተንትኖን 2) ጸሎትን ብቅንኣት ብምግባር፡ ናይ ብሕትውና መንፈስ ብምትእትታው ናይ ተለውጦን መንፈሳዊ ተሓድሶን ብምግባር፡ ኣብ ተራ ጊዜ ሥራሕ ከይተረፈ ንቃለ እግዚኣብሔር ከስተማቅሩ ተረከቡ። ሕጊ ንቅ.መጽሓፍ፡ ናይ ገዳማት ተግባረ ሕገ ገዳም ብምኳኑ፡

- ሰዓታት
- ዘድሊ ነገራት
- ኣገባብ ኣነባብባ
- ኣዕምቆን

ወሰኑሉ።

ኣብ ንባብ ቅ.መጽሓፍ፡ ንባባት ካብ ኣበውን፡ ካብ መምሃራን መንፈሳዊ ሕይወትን ወሰኩሉ።
ፍሉይ ኩነት ኣብ መበል 12 ክ/ዘ ኣብ ገዳመ ሲታውያን ውህደት ኣብ መንጎ

- ንባብ ቅ.መጽሓፍ
- ሊጡርግያን
- ኣዕምቆን

ዝተራእየ ሓደ ኣብነት እዩ።

እዚ ኩነት'ዚ ከም ቅ.በርናርዶ በዓል ቸግል ቸራቨለ ንዝኣመሰሉ ቅዱሳት ሥነ ማዕበያ ኮኖም።
ኣብዚ ተመኩሮ መነኮስ ገዩጎ ፪ይ ኪኣቱ ይከኣል፡ ንሱ በታ ኣስካላ መነኮሳት ቢሉ ዝጸሓፎ፡ ናይ ንባብ ቅ.መጽሓፍ ሥሩዕ ኣገባብ ኣበርከተ።

## 4) ንባብ ቅ.መጽሓፍ ኣብ ዘመናውነትን ዘመንናን

ኣብ ቤተ/ያን ናይታ ንባበ ጸሎት "lettura pregata" ድክመት ወይ ውድቀት ካብ 12, 13 ክ/ዘ ይጅምር። እዚ ከኣ ካብ ንባብ ቅ.መጽሓፍ ናብ ሕንቶን

ክርክርን ፡ ቀጺሉ ከኣ ናይ ዘመናውያት ምልክት ዝኾነ መንፈሳዊ ንባብ (Lettura Spirituale) ናብ ዝብል ተሰጋገረ።
እዚ ኩነት እዚ ፍልልይ ኣብ መንጎ፡ ቅዱስ መጽሓፍን ሉጥርግያን ጭቡጥ ጉዳይ ኣስዒበ እሞ ነቲ ፒራሚዳዊ ቤተክርንቲያናዊ ራእይ እብ ተሓድሶ ጎርጎዮሳዊ ዝተረጋገጸ ምንቁልቋል ቤተክርስትያናዊ ሱታፌን። ልዕልና ሕግን ትምህርትን ኣብ ልዕሊ ምርምር ጥበብ ቃለ እግዚኣብሔር ተራእየ።
ከማኡ ናይ ማእከላይ ዘመን መንፈሳዊ ትርጉም ቅ.መጽሓፍ ምስ እማመን ትርጉማትን ቅ.መጽሓፍ፡ ዓለማውን ውሁድን ኮይኑ ተተሓሒዙ ዝነበረ ኣብ ዘመናውነት ብኣገባብ ክርክር-ታሪክዐ (metod storrco-critico) ተተኪኡ፡ እዚ ኣገባብ'ዚ ድሕሪ (rinascimento ) ናይቲ ቅ.መጽሓፍ ቀጥታዊ ትርጉምን (letterale) ታርካዊ ትርጉምን ኣብ ዝብል ጥራሕ ተደሪቱ፡ ወይ ከኣ "ዝሰማማዕ ትርጉም" (senso accomodazio) ሓለፈ፡ እዚ ከኣ ነቲ ባህርያዊ ወይ ሓቀኛዐ ትርጉም ቃለ-እግዚኣብሔር ዘጥፍእ ነበረ'ሞ ናብ መንፈሳዊ መልእክቱ ክትበጽሕ ዘየፍቅድ ኮነ።

ከም ሳዕቤኑ ከኣ ኣብ መንጎ ተሎግያን ቅድስናን ጋግ ፈጠረ፡ ከም H.von Bathasar ዝብሎ "ከምቲ ኣብ ጊዜ ኣበውን ማእከላይ ዘመን ኣብ መንጎ ምፍላጥን ምንባርን ዝነበረ ውህደት፡ ብኣብ ዝተፈላለየ ኩነት ሕይወት ክርስትያን ዝተኣታተወ ፍልልያት ተተክኤ። እቲ ጥንታዊ ሃብቲ ምቅንብባር ኤግዘ- ዚዝ ተሎግያ፡ መንፈሳውነት፡ ፓስቶታልን ሓደን እንኮን ዝነበረ ምስ ምቅልቃል ዘመን ተሎግያ እስኮላስቲካ፡ ቀጺሉ ምምጻእ ዘመናዊ ርእሰ-ኪኢላ ኤግዘ- ዚዝ ፍልልይ መጸ፡ ይብል። እቲ ንባብ ኣስተንትኖን ናይቲ ቃል ኣብ ሃለውለውን ስሚዒታውነትን ኣድሃበ።

## ብጉባኤ ቫቲካን ፪ይ ዝተሃቀነ ምምላስ

ሎሚ ኣብ መንጎ ቅ.መጽሓፍን መንፈሳውነትን ሕይወትን ኣብ ሓዲስ ውህደት ኪብጻሕ ሓደ ካብቲ ጊዜያውን ዘድሊ ኩነት ቤ/ያን ኮይኑ ይርከብ (DV21:26) ።
በዚ መንፈስ'ዚ ከም ኣብነት ኪጥቀሱ ዝከኣል ብካርዲናል ማርቲኒ ዝተሃቀነ ንባበ ቅ.መጽሓፍ ንሕዝቢ እግዚኣብሔር ዘተባብዕ ሎሚ ንባብ ቅ.መጽሓፍ፡ ነቲ ኩሉ ልማደ ክርስትና ናይ ኣበውን ናይ ሉጡርግያን ናይ መንፈሳውያን ጽሑፋትን ብምጽዋዕ፡ ናይቲ ቅ.መጽሓፍ ተሎጋዊ ኮነ መንፈሳዊ ትርጉም ክህብ ኣለዎ።

እቲ ቃል፡- --- ብኣስተንትኖ እስራኤል ካብ ብሉይ ኪዳን
--- ብክርስትያናዊ ሕይወት ጥንታዊት ማሕበር
--- ብመንፈሳዊ ተመኩሮ ናይ ኩላዊት ቤ/ያን ናይ ዳሕረዋይ ዘመን ዕሙቅን ዝሃብተመ ስለዝኾነ፡ ነቲ ንጥንታውያን ክቡር ንዝነበረ ንምርዳእ ዝሕግዝ እዩ። ንባብ ቅ.መጽሓፍ ኣብ ቤተክርስትያን እዚ ብጉብኤ ቫቲካን ዝተሃቀነ ምምላስ ኣብ ቅ.መጽሓፍ ኣብ ተግባር ዝሓቶ፡ ምስማዕ ቃለ እግዚኣብሔር ንሕይወት ኣማኒ ኩላ ቤተክርስትያን ቀዳማይ ቅድመ ኩነት እዩ። ስለዚ እቲ ቃል ናብ ሰባት ዘለኣክዐ መልእክቱ ኣምላክዐ እዩ፡ ምክዐያቱ ንሳቶም ብክርስቶስ ኣቢሎም ምሳኡ ክራከቡ እሞ ኣብ ሕይወቱ ከኣትዉ ዝሕግዝ ስለዝኾነ እዩ።
ብዘይካ ቃል ቤ/ያን ኣይትሕነጽን፡ ብዘይካ ቤ/ያን እቲ ቃል ቅ.መጽሓፍ ሕያው ቃል ኣይኮውን። (ምውት'ዩ)።

## 1 ቅ.መጽሓፍ ኣብ ማሕበር እምነት ይውለድ፣

ቃለ እግዚኣብሔር ብዝምልከት ቅ.መጽሓፍን ቤ/ያን፣ ከም ሥራሕ ኣምላክዐ ኣብ ታሪክዐ ወይ ከኣ ከም ውህደት ትንቢት ንኣምላክዐ ዝወሃብ ናይ ሰብ መልሲ እዩ።
በቲ ሓደ ወገን ቅ.መጽሓፍ ከም ሓቀኛዐ ቃለ-እግዚኣብሔር ትሑት ጽን ምባልን እሙን ትእዝዞን ይሓትት። በቲ ካልእ ከኣ ከም ናይ ሰብ ቃል ከኣ ናይታ ማሕበር ናይ እምነት ተመኩሮ ዝሓዘ እዩ።
ቅ.መጽሓፍ እምበኣር ካብ ተሓድሶ እሙን ነቢኣውን ተመኩሮ ዝውለድ ኮይኑ መጽሓፍ ቅድሚ ምኳኑ ናብታ ማሕበር ዝተበሰረን ዝነበረን ኩነት እዩ ነይሩ።እታ ማሕበር ከኣ ብሓይሊ ቃለ-እግዚኣብሔር እትቀውምን እትዓብን ነበረት።
ቅ.መጽሓፍ ናይቲ ኣብ ጉዕዞ ዝነበረ ሕዝቢ ጽሑፍ (trascrizione) እዩ። ብብርሃን ኣምላክዐ ከኣ ናይ ፍጻሜታትን ታሪኽዐ ትርጉም ኪፈልጥ ዝጽዕር እዩ። እዚ ታሪኽዐ "ኣምላክዐ ምሥጢረ ኣካልነቱ ዝገልጸሉ ቦታ" እዩ። (G.V.Rad) ካብዚ ዝተነብረ (ኣብ ሕይወት ዝነበር) ቃል ቅ.መጽሓፍ ከም ናይ ጽሑፍ ምስክር ይውለድ፣ ንሱ ናይ ጉዕዞ እምነት እስራኤልን (ብሉይ ኪዳን) ጥንታዊት ቤ/ያንን (ሓዲስ ኪዳን) ኣብነት ሕይወት ናይ ዝኾነ መጻኢ ናይ እምነት ምሕበር እሙን ነጸብራቅ እዩ። ነፍሰ ወከፍ ማሕበር ታሪካዐ እንክትነብር ምስ "ኢየሱስ ጐይታ ታሪኽዐ እያ እትራኸብ፣ ብቀጻሊ ከኣ ናባኡ ገጻ እናዓበየት ናይ እምነት መልሲ ትህብ። ቅ.መጽሓፍ ከም ሥራሕ ናይ መጽናዕቲ ሰባት፣ ኣብ ጣውላ ዝተወልደ ኣይኮነን፣ እንታይ ደኣ መ- መርያ ኣብ ታሪኽዐ ሕዝቢ እስራኤል፣ ደሓር ኣብቶም ናይ ኢየሱስን ናይ ሓዋርያትን ሥጋ ዝለበሰ ቃለ-እግዚኣብሔር እዩ። ከም ኣብነት ነተን ዓበይቲ ዋዕላታት ሕዝበ እግዚኣብሔር ብሉይ ኪዳን ምዝካር ይኣክል (ዘፍ 24, ዘዳግ 27, 2 ዜና መዋእል 34, ዕዝራ 8)።
ካብ ነፍሰ ወከፍ መጽሓፍ ናይ ቅ.መጽ ነዚ ዝስዕብ ክነረጋግጽ ንክእል። ከምቲ ራህነር ዝበሎ፣ "መጻሕፍቲ ሓድሽ ኪዳን ካብ ናይ ቤ/ያን መሥርሕ ሕይወት ይመጽኡ፣ ንሳ ብኣኣ ኣቢሉ ከም እምነታ ዝተላእኩን ዝተሰብኩን ማዕከን እያ። ንሳቶም ከም መረጋገጺ እምነታት ቤተ/ያን ከም መልእኽቲ ከም ለበዋታት ከም ስብከት ዝወጽኡ ጽሑፋት እዮም። ቤ/ያን ነቲ ቃል ብምቅባል ትውለድን ትሕነጽን፣ ደሓር ከኣ ኣብታ ናይ እምነት ማሕበር ቅዱስ ጽሑፍ ይኮውን።

## 2 ቅ.መጽሓፍ ነታ ናይ እምነት ማሕበር ዝተዋህበ እዩ።

ክርስቶስ ተልእኮኡ ኣብ መንጎ ሰባት እንኪፍጽም ዝኾነ መጽሓፍ ኣይጸሓፈን። ወንጌል ሰቢኹዐ ብሞቱን ትንሣኤኡን መደበ እግዚኣብሔር ኣብ ተግባረ፣ ቃሉ ከም ውርሻ ዝሓደገሎም ማሕበር ሓዋርያት መስረተ፣ (ማቴ 26፡16-20) ሓዋርያት ብግዲኦም ከኣ፣ ማሕበራት ኣቀሙ ንቤ/ያን ክርስቶስ ነቲ ንሱ ዝመሃሮ ዘእመኖምን ኣብ ጽሑፍ ብምስፋር ታሪኻዊ ቅርጺ ኣውሃቦዎ። ወንጌላዊ ጽሑፋት ነታ ናይ ጥንቲ ቤ/ያን ሓዋርያዊ ናይ እምነት ሕግታት ኮንዋ። በዚ መንገዲ'ዚ ሓድሽ ኪዳን ኣብ ትሕቲ ሥራሕ መንፈስ ቅዱስ ከም ምልኣትን ፍጽምና ብሉይ ኪዳን ማዕበለ። (ዮሓ 14፡16-17,26፡7-15) እምበኣርከስ መጠን ቤ/ያን ንእምነታ ኣብ ጽሑፍ ብዘስፈረቶ መጠን ኣብ ውሽጣ ቅ.መጽሓፍ ኪፍጠር - መረ።
ኣብ ውሽጢ'ዚ ነዊሕ ጉዕዞ ታሪኽዐ ነፍሰ ወከፍ ወለዶ ክርስትና ኣራኣያኡ እቲ ናይ ሓዋርያትን (1ዮሓ 1፡3) መምርሒ እምነቶም ዝኾነ ቅ.መጽሓፍ ብምኳኑ፣ እቲ ናይ ቀደም ኣብ ናይ ሕጂ ይትግበር።

## 3 ቅ.መጽሓፍ ከም መምርሒ ቤ/ያን

### a) ቅ.መጽሓፍ ናይ ኣምላኽ0 ሰብን መጽሓፍ

ቅ.መጽሓፍ ህያብ እግዚኣብሔር ንቤ/ያን እዩ። ክልተ ጸሓፍቲ እቲ ኣምላካውን ሰብኣውን ዝራከቡሉ እዩ። ኣምላኽ0 ክብሎ ዝደለየን፡ እቶም ቅዱሳስ ጸሓፍቲ ክብልዎ ዝደልዩን ኣምላኽ0 ብቃሎም ገይሩ ክገልጾ ዝፈተወ ትርጉም ቅ.መጽሓፍ ኣገዳሲ ሥራሕ'ዩ (DV12)። ንቤ/ያን ቅ.መጽሓፍ ከም መምርሒኣ ኪከውን ዝብል ሓሳብ ካብቲ ኣምላካዊ ሰረታ ዝለዓል እዩ። ኣምላኽ0 ናይቲ መጻሕፍ እቲ መሠረት'ዩ፡ ንሳቶም ብኣተንፍሶ መንፈስ ቅዱስ እዮም ተጻሒፎም (DV12)። እቲ እምላካዊ ጽሑፍ ካብቲ መልእኽቱ ቅ.መጽሓፍ ወጻኢ ዘይኮነ ካልእ እሎ። መንፈስ ቅዱስ ንዝኮነ ገጽ ሕያው ዝገብር ከኣ ንተርጓሚ መራሒ እዩ። ኣብዚ ክረጋግጹ ዘለዎም ሰለስተ ተሎጋዊ ረቋሒታት ኣለዉ።

- ❖ ትሕዝቶን ሓድነትን ቅ.መጽሓፍ
- – እዚ ሓድነት እዚ ተገልጸ ብርእሱ እዩ፡ ንሱ ከኣ ክርስቶስ እዩ።ንሱ ከኣ መሰረት ረድኤት ክልቲኡ ኪዳናት'ዩ፡ ኣብ ቅ.መጽሓፍ ዘሎ ቃለ-እግዚር ካልእ ኣይኮነን፡ እቲ ቃል ሥጋ ዝኮነ እዩ፡ (DV7)
- ❖ ኣብ ህያው ልማደ ቤ/ያን ምትኳር (DV10-12) ህያው ልማደ ቤ/ያን ሒዝካ ቅ.መጽሓፍ ምትርጓም ማለት ቅ.መጽሓፍ ኣብ ቤተ/ያን ኪትርጎም ኣለዎ። ከመይ ቅ.መጽሓፍ ውላድ ቤተ/ያን እዩ። ብሓይሊ መጽሓፍ ቅዱስ ነቲ ሓቀኛ0 ትርጉሙ ንሳ ትዕቅቦ። ኦር- ነ ዝበሃል "ቤ/ያን ብልማዳ ህያው ዝክር ቃለ-እግዚኣብሔር ናቱ መንፈሳዊ ትርጉም ናይ ዝህባ መንፈስ ቅዱስ እተብጽሕ እያ" ይብል።
- ❖ ብመንጽር እምነት ክብሪ ምሃብ፡ ኣብ ውሽጢ ኮነ ብደገ ኣብ ንባብን ትግባረን ቅ.መጽሓፍ ሓድነትን ውህደትን ተገልጸ እዩ። ኣብ መንጎ ቅ.መጽሓፍ ቤተ/ያን እዚ ምትእስሳር እዚ ካብ ሃለው ቅኑዕ ኣተረጓጉማ ኣብ ቤ/ያን፡ ምስ ቤ/ያን እንተዘይኮይኑ ክህሉ ኣይክእልን።

### b ቅ.መጽሓፍ ኣብ ሕይወት ቤ/ያን

ጉባኤ፡ ቅ.መጽሓፍ ኣብ ሕይወት ቤ/ያን ዘለዎ ቦታ እንከረድእ ምስ ቅ.ቍርባን ብምንጽጻር እዩ። "ቤ/ያን ንቅ.መጽሓፍ ከም ሰውነት ክርስቶስ ወትሩ ምስ ኣክበረቶ እያ። ከምቲ ወትሩ ካብ እንጌራ ከም እትምገብ ከማኡ ከኣ ካብ ቃል-እግዚኣብሔር ብምምጋብ ንምእመናን ትቅርቦ። ይብል (DV21) ቃለ እግዚኣብሔር ቅ.ቍርባንን ነቲ ሓደ ዓቢይ መኣዲ የቁሙ። ከማኡ ቅዱስ ልምዲ ቤ/ያን ቅ.መጽሓፍን እቲ ዝለዓለ መምርሒ እምነት እዩ። (DV21) ብምባል ነቲ ትክክለኛ0 ርክብ ቤ/ያን ቃለ እግዚኣብሔር ይገልጽ። ቀጺሉ'ውን ጉባኤ ሓቀኛ0 ተርጓሚ ቅ.መጽሓፍ ጽሓፊ ኮነ ብቃል ዘመሓላልፍ ብስም ክርስቶስ ከም ኣገልጋሊ ቃለ-እግዚኣብሔር መሃሪ ኣካል ቤ/ያን እዩ ይብል (DV10)።

#### ርክብ ቅ.መጽሓፍን ጸሎትን

ቅ.መጽሓፍ መወከሲ ወይ መማጎቲ ኣይኮነን፡ ብቀዳምነት ናይ እምነት መጽሓፍ እዩ። ከማኡ ምስ ክርስቶስ ቌጸራ ወይ ርክብ ንገብረሉ ቦታ እዩ። ንቅ.መጽሓፍ እንተ ኣንበብናዮ ነቲ ንእምነት መሠረት ዝህብ ኣብ ቃላት ሰብ ቃል-እግዚኣብሔር ንምርካብን ኣመንቲ ንምኳዕን እዩ። ጐይታይ ናበይ እሞ ክንከይድ

ንስካዐ ጥራሕ ቃል ሕይወት ኣለካ "ዮሓ፡6፡6-8" ስለዚ ንባባ ቅ.መጽሓፍ ካብ እምነት ዝነቀለ እንተዘይኮነ፡ ኣፍኣዊ ኮይኑ ታሪኽዐ ጥራሕ ከተንብብ ኢካ፬ ቅ.መጽሓፍ ኣብ ሕይወት ኣየናይ ቦታ ሒዙ ይርከብ? ኣየናይ ውሳጣዊ ርክብ ኣብ መንፈስ ቅዱስ ቃለ-እግዚኣብሔር ጸሎትን ኣሎ? ናይ'ዚ ኩሉ መፍትሕን መልስን ኣብ መንፈሳዊ ንባበ ቅዱስ መጽሓፍ (Lectio Divina) ንረክዐ።

## a) ቅ.መጽሓፍ ናይ ጸሎት መጽሓፍ

ኣብ ቅ.መጽሓፍ ሠለስተ መሠረታውያን ነገራት ኣለዎ፡

1. ቃል
2. ጸሎት
3. ሕይወት

**ጸሎት** ካብ ውሽጣዊ ኩነት ሰብ ዝወጽእ እምበር ደጋዊ ምንቅስቃስ ጥራሕ ኣይኮነን። ጸሎት ርክብ ዘተ ምስ ኣምላኽዐ ስለዝኮ፬ ካብ ቃለ-እግዚኣብሔር ክትምገብ ኣለካ። እዚ ከኣ ወትሩ ካብ ንባብ ቅ.መጽሓፍ ኣስተንትኖ ዝነቀለ ኪከውን እሞ እቲ ሓቀኛዐ ትርጉሙ ኣብ ሕይወት ተግባራዊ ኮይኑ ኪርከብ ይግባእ። ሕይወትን ስብከትን ናይ ኢየሱስ ነዚ ኣብ መንጎ **ቃልን - ጸሎትን - ሕይወትን** ዘሎ ምትእስሳር ይገልጽ።

እቲ **ቃል** ክፉት ተቀባሊ ዝፈሪ መሬት ዝሓትት ዘርኢ እዩ።

## b) ርክብ ቅ.መጽሓፍን ጸሎትን

ጸሎት ካብቶም ናይ ቅ.መጽሓፍ ውዕውዕ መልእኽቲ ሓደ እዩ። ዝበዝሕ ጊዜ ጸሎት ብናትና ሚዛን ግድነት ንሰርዖ፡ እንተኮ፬ ንሱ ብኣንጻሩ እዩ፡ ጸሎት ካብ ፍቅሪ ተላዒልካ ኣብ መደብ ኣምላኽዐ ምእታው እዩ። ንኸዉና ምጽላይ ቀሊል ነገር ኣይኮነን። ምክፀያቱ ንወትሩ ተከፀሊ ኮንካ እትተርፈሉ ጉዕዞ እዩ። ስለዚ ድሙዕ ንባብ ቅ.መጽሓፍ ወትሩ ብጸሎት ዝተሰነየ ኣዩ።

DV 25 በሓቂ ዘበራርህ መግለጺ ይህብ። "- - - - - - - - - " በዚ ምክፀያት ኣብ መንጎ ንባብን ጸሎትን ሓያል ርክብ ከምዘሎ ይነግረና።

**ጸገም ኣተረጓግማ መንፈሳዊ ትሕዝቶ** (senso spirituale: Lectio Divina) **ቅ.መጽሓፍ**

ጉባኤ " ቤተ ክርስቲያን ናይቱ ሥጋ ዝኾነ ቃል መርዓት ብምኳና ብመንፍስ ቅዱስ ተመሪሓ መልኮታዊ ቃል ብዘይቅሩራጽ ንደቃ ምእንቲ ክተካፍል ቅዱሳት መስሕፍቲ ኣዕሚቑ ንክትፈልጥ ትጽዕር፡ ምእንትዚ ናይ ምሥራቅን ምዕራብን ቅዱሳን ኣበው ኮነ ሥርዓት ኣምልኾ ኮነ ንክጽናዕ ትበራትዕ ኢያ " DV23 ስለዚ ክንሓቶ ዝግበኣና ነዚ ጉባኤ ዝህቦ ሓሳብ ንምብጻሕ ኣየናይ እዩ እቲ ሓቀኛ ኣገባብ፡ ሓቀኛዐ ትርጉሙ ናይ ቅ.መጽሓፍ?

I. **መንፈሳዊ ትርጉም ቅ.መጽሓፍ፡** እንኪበሃል ሥራሕ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ትስብእተ ቃልን ኣብ ቤ/ያንን፡ ድሓር ከኣ ኣብ ሕይወት ነፍስ ወከፍ ኣማኒ ማለት እዩ። ቃለ-እግዚኣብሔር ኢዩ ንምሥጢረ ድሕነት ቀጻሊ ህላዌኡ ዝገልጽን ዘበስርን፡ መንፈሳዊ ትርጉም ቅ.መጽሓፍ ብግቡእ ምስ ዝርድኣና፡ እቲ ኣገባብ ብኣኡ እንርዳኣሉን ቤ/ያንን ሕዝበ እግዚኣብሔርን ዝነብረሉን ብፍላይ ሉጡርግያ እዩ። እዚ ኣተረጓጉማ ቅ.መጽሓፍ እዚ፡ እቲ ንሕይወት ዘረጋግጽን ንቃለ እግዚኣብሔር ኣብ ሕይወት ተግባራዊ

ብምግባር ኣብ ተለውጦን ናብ ሓቀኛዐ ተመኩሮ ኣምላክዐ ዝወስደና ኣገባብ ኣናብባ እዩ። ናብ ክርስቶስ ብመንፈስ ቅዱስ ሮሜ 1፡4 ዘብጽሓና ርድኢት ቅ.መጽሓፍ እዩ።

ጥንታዊ ኣተረጓጉማ ብቃላት ኣጐስጢኖስ[1] ከምዚ ይብል። "ኣብ ቅ.መጽሓፍቲ ንክርስቶስ እደሊ" ቀጺሉ ቅ.በርናርዶስ[2] "ኣብ መደብ ትስብእተ ቃል ክርስቶስ ናይ ኩሉ ጽሑፍ ማእከል እዩ፣ ቃል-እግዚኣብሔር ኣብ ብሉይ ኪዳን ዝስማዕ ዝነበረ ኣብ ክርስቶስ ዝርኤ ኮነ" ይብል።

እቲ ሓቀኛዐ ተርጓሚ መንፈሳዊ ትሕዝቶ መንፈስ ክርስቶስ እዩ። መንፈስ ቅዱስ እዩ ወትሩ ንቅ.መጽሓፍ ሕይወት ዝህቦ፣ "ቅ.መጽሓፍ በቲ እተጻሕፈሉ መንፈስ ክንበብን ክትርጐምን ኣለዎ። እንተድኣ ብርግጽነት ትሕዝቶ ቅ.ጽሑፋት ክፍለጥ ተደልዩ DV12 መንፈሳዊ ትርጉም ቅ.መጽሓፍ ካብቲ ኣብ ማሕበር ቤ/ያን ዝተነበበ ቅ.መጽሓፍ ሓደ ክርስትያን ዝወስዶ ጥቅሚ እዩ። እዚ ንክርስቶስ ንምርካብ ብቅ.መጽሓፍ ኣቢሉ ዝቀርቦ ዕድመ እዩ። ዮሓ 5፡39 ቅ.ቶማስ በዓል ኣኪና "ልቢ ክርስቶስ ንቅ.መጽሓፍ ይስእሎ፣ ቅ.መጽሓፍ ከኣ ንልቢ ክርስቶስ ይገልጾ። እዚ ልቢ'ዚ ቅድሚ ሕማማቱ ዕጽው ነበረ ምክንያቱ እቲ ጽሑፍ ብሩህ ኣይነበረን፣ ድሕሪ ሕማማቱ ክሳብ እቶም ፍልጠት ዘለዎም ከም ትንቢት ገይሮም ዝሓሰብዎን ዝርድእዎን ዝነበረ ምእንቲ ኪትርጉምዎ እቲ ጽሑፍ ክፉት ኮነ"[3] ይብል።

## መንፈሳዊ ጐኒ/ዝርጋሐ ንባብ ቅ.መጽሓፍ (Lectio Divina)

ድሕሪ ጉባኤ ቫቲካን ፪ይ መንፈሳዊ ሕይወት ብጽዑቅ ኣገባባዊ መንገዲ ካብ ቃል እግዚኣብሔር ክምገብ - ሚሩ። እዚ ዝኾነ ቅ.መጽሓፍ ኣምላክዐ ከም ጸሓፊኡ ጥራሕ ስለዚይኮነ፣ 2ጢሞ 3፡16-17 እዩ።

ሓደ ሽማግለ ባሕታዊ ኣብ ተመስጦን ጸሎትን ምስ ቅ.መጽሓፍ ዝተወፈየ ሓደ መዓልቲ ሓደ ኀበዝ/መንእሰይ ትርጉም ሕይወትን ሰላምን ክረክብን ድላይ ዝነበሮ ኣብቲ ቦታ ጽሞና ኪበጽሕ ይመጽእ። ኣብቲ ርክቡ በቲ ዕላል ባሕታዊ ተደኒቑ፣ ከም ተክዕሊኡ ኣባኡ ምሳኡ ኪከውን ሓተቶ፣ እቲ ባሕታዊ ምክንያት ምሳኡ ኪከውን መሕተቲኡ ጠየቆ። እቲ መንእሰይ፣ ቅ.መጽሓፍ ሒዝካ ምጽላይ ምእንቲ ኪመሃር በሎ።

ባሕታዊ፣ ስለምንታይ ቅ.መጽሓፍ ሒዝካ ክትጽሊ ደለኻዐ

መንእሰይ፣ ካብ ዘሎ ፍልጠት ሳይንስ ዝለዓለ ስለዝኾዐ በሎ።

ባሕታዊ፣ ምሳይ ክትከውን ደስ ምበለኒ እንተኾዐ ኣይከኣለንን'ዩ በሎ።ገለ ዓመታት ምስ ሓለፈ ከኣ እቲ መንእሰይ እንደገና መጽኤ እሞ ኣብ መዝዛም ርክቡ፣ ምስቲ መንእሰይ ከም ናቱ ርዱእ ኮይኑ ቅ.መጽሓፍ ብመሓዝ ምጽላይ ኪላመድ ሓተቶ።

ባሕታዊ፣ ስለምንታይ ከማኡ ክትገብር ትደሊ ምስ በሎ

መንእሰይ፣ ቅዱስ ኪከውን ስለዝደሊ እየ በሎ።

ባሕታዊ፣ ደስ ምበለኒ እንተኾዐ ኣይከኣለንን እዩ በሎ።እቲ

መንእሰይ፣ ከይፈተወ ስገዝኡ እናሓዘነ ተመልሰ። ምክንያቱ ነቲ ዕላማ ሕይወቱ ኪከውን ዝሓተቶ ኪበጽሖ ብዘይምክዐሉ።

---
[1] Agostino, confessunes x11, 2,4:pL32,811
[2] Bernardo, super missus est, omelia 1v , 11:pL183, 86
[3] Thomas D'Aquino, Expositio in psalmos 21,11

ገለ ጊዜ ምስ ሓለፈ ከኣ ድሕሪ ሓያል ኣስተንትኖ ተመሊሱ ነቲ ባሕታዊ ክረክ0 ሓሰበ። ነቲ ባሕታዊ ቅ.መጽሓፍ ሒዙ ክጽሊ ረከ0፥ ነቲ መዓልቲ ብሓደ ብቃለ እግዚኣብሔር እናጸለዩ ኣሕለፍዎ። ኣብ ምዝዛም እቲ መንእሰይ ምስቲ መነኮስ ክከውን እሞ "ንጐይታ ዝተወፈየ ኪከውንን በዚ ከኣ ንቅ.መጽሓፍ ኪፈልጥን ምጽላይ ኪመሃርን ከም ዝደሊ ሳልሳይ ጊዜ ሓተቶ። እቲ ባሕታዊ እንደገና ስለምንታይ ብቅ.መጽሓፍ ኪጽሊ ከም ዝደሊ ሓተቶ። እቲ መንእሰይ ከኣ **"ተመኩሮ ኣምላክ0 ምእንቲ ክህልወኒ ብቅ.መጽሓፍ ገይረ ክጽሊ ስለዝደለኩ0 እዩ"** በሎ። ኣዕይንቲ እቲ ባሕታዊ ብታሕጓስ በርሃ ነቲ መንእሰይ ሓቆፎ'ሞ ምሳኡ ከምረድኡ ኣብ ብሕትውና ተቐበሎ።
እዚ ኣብነት'ዚ ነቲ ዕላማ ናይ ንባብ ቅ.መጽሓፍ ዝገልጽ እዩ።

-- ሰብኣዊ ፍልጠት/ሳይንስ ንምጭባጥ
-- ሃለውለው ወይ ዝኮነ ሓሳባት ቅድስና ንምሕንጻጽ

} ዘይኮነ እንታይ ደኣ

ብቃለ--እግዚኣብሔር ገርካ ግላውን ዕሙቕን ተመኩሮ ኣምላክ ምጥራይ እዩ።0 ንባብ ቅ.መጽሓፍ ንኹሉ (ንዓቢ ኮነ ንእሽቶ፥ ንምሁር ኮነ ዘይተማህረ፥) ንነፍሲ ወከፍ ኣማኒ ብቅኑዕ/ሓቀኛ መንፈሳዊ ክርስትያናዊ ጉዕዞ ኣቢሉ ናብ ጥቡቕ ሱታፌ ምስ ኣምላክ0 ብጻዩን ዘብጽሕ ኣገባብ እዩ። እቲ ብቃለ እግዚኣብሔር እናጸለየ ናብ'ዚ ተመኩሮ ኣምላክ0 ዝበጽሕ፥ ንሱ ነዚ ሓቐኛ0 ጥበብ ብምጥራይ ብሓቂ ቅዱስ ይከውን።
ሎሚ ብኣገባብ ቅ.መጽሓፍ ገርካ ልምምድ/ተመኩሮ ኣምላክ0 ምግባር ኣብ ሕይወት ሓደ ክርስትያን ኮነ ማኅበረ ክርስትና ዝተመርጸ መንገዲ ኮይኑ ኣሎ። ኣብ ገገለ ማሕበራት እዚ ኩነት'ዚ ከም መደብ መዕበያን መደብ ሓዋርያዊ ኣገልግሎት ኮይኑ ይርከብ።
ቅድሚ ብዛዕባ ዝተፈላለዩ ደረጃታትን ተመኩሮ ጸሎት ምዝራብ፥ እንታይነቱ/ባህሪ ኣራኣያታት/ኣብነታት ገለ መሠረታውያን መምርሒታት ክንርኢ።

**1) ባህርን ኣገባባትን ንባብ ቅ.መጽሓፍ**

**1.1 ንባብ ቅ.መጽሓፍ እንታይ እዩ?**

ንባብ ቅ.መጽሓፍ ግላዊ ንባብ ቅ.መጽሓፍ ወይ ሳይንሳዊ/ባህላዊ መጽናዕቲ፥ ወይ ኣስተንትኖ (ከም ንቡር ርድኢቱ) ኣይኮነን።
ንባብ ቅ.መጽሓፍ ግቡእ መደብ ጸሎት ኮይኑ ምስ ሕይወትካ ግጥም እዩ። ንቃሉ ጽን ብምባልን ብምውሳእን ኣብ ምሥጢረ እግዚኣብሔር ንምእታው ኣብ ቀጻልን ጽዑቕን ደረጃታት ዝቆመ እዩ። ጳጳሳዊ ከሚሽን ቅ.መጽሓፍ ከምዚ ቢሉ ይገልጾ።
ንባብ ቅ.መጽሓፍ ኣብ ኣስተንትኖን ጸሎትን ተመስጦን ብሕሹክቶ መንፈስ ዝማዕበለ ካብ ቅ.መጽሓፍ ሓጺር ይከውን ነዊሕ ክፍሊ ከም ቃለ-እግዚኣብሔር ናይ ዝተቐበልናዮ ግላዊ ወይ ሃባራዊ ንባብ እዩ። እዚ ሓደ መግለጺ እዩ። ካልእ ከኣ "ናይ ሓደ ገጽ ቅ.መጽሓፍ ንባብ ኮይኑ፥ ንሳ ጸሎት ብምኳን ንሕይወት እትበርህ እያ። ንገለ ጸሓፍቲ ከኣ፥ ትግባረ ምውሳእ ምስ ኣምላክ0 ኮይነ በቲ ጽሑፍ ኣምላክ0 ይዛረብ ሰብ ከኣ በታ እተጸለየት ቃል ገይሩ ይምልስ።

ቅ.ኣምበርዝዮስ “ክንጸሊ ከሎና ምሳኡ ንዛረብ ፍጻሜታት ኣምላኽዐ ክነንብብ ከሎና ንኣኡ ጽን ንበል”[4]ይብል።

ስለዚ ኣብ ንባብ ቅ.መጽሓፍ ብዛዕባ ኣምላኽዐ ዘይኮነ ንኣምላኽዐ ነንብብ። ነዚ ንምግባር ግና ኣብ ስቕታ ክንኣቱ ኣሎና፣ ከምቶም ሰብ ኤማሁስ ነቲ ቃል ዝህቦ መግለጺ ዝቕበል ልምሉም ልቢ የድልየና።

ባህርያት ንባበ ቅ.መጽሓፍ ኣብ ብርሃነ ኣምላኽዐ ኲንካ ምላኡ ጥቡቕ ርክብ ምግባር እዩ።

ኣብ መንፈስ ንባብ ቅ.መጽሓፍ ንምእታው ተመስጦ ማርያም ከየጥፋእካ ጽሞና ማርታ ከተጥሪ ኣሎካ። ስለዚ ንባብ ቅ.መጽሓፍ ግላዊ ማሕበራዊ ንባብ ቅ.መጽሓፍ እዩ። ኣብ ቅድሚ ኣምላኽዐ ከም ዘሎካዐ እናዘከርካ ንሱ ከኣ በቲ ጽሑፍ ገይሩ ዝዛረበካ ምኳኑ እቲ ኣማኒ ከኣ ብተኣዝዞ መንፈስ ክምልስ ዝፍትን ብእምነትን ብመንፈስ ጸሎትን ዝግበር ጸሎት እዩ። ካብዚ ዝተባህለ ኩሉ፣ ንባብ ቅ.መጽሓፍ ዝኮ ንባብ ቅ.መጽሓፍ ኣይኮነን። እንታይ ደኣ ኣብ ጸሎትን ናይቲ ቃል ትግባረ ኣብ ሕይወትን ዝብጽሕ፣ ግላዊ ርክብ ምስ ኣምላኽዐ ዝፈጥር ንባብ እዩ።

ብሓጺሩ ንባብ ቅ.መጽሓፍ፣ እቲ ቃል ጸሎትን ንሕይወት ዝልውጥን ምእንቲ ኪኸውን ኣብ ትሕቲ ብርሃነ መንፈስ ቅዱስ ዝግበር ናይ ሓደ ገጽ ንባብ ቅ.መጽሓፍ እዩ።

እተን ባእታታት ኣብ ንባብ ቅ.መጽሓፍ ዝርከባ ኣርባዕተ እየን።

1) እቲ ቃል 2) መንፈስ ቅዱስ 3) ጸሎት 4) ሕይወት

ኣብዚኤን ቅድመ ኩነት እዚኣተን ጥራሕ ቅ.መጽሓፍ ነቲ ናይ ሓቂ ቃል-ጥበብ ዝገልጾ።

### 1.2 ኣገባባት ንባብ ቅ.መጽሓፍ ኣብ ሕይወት ቤ/ያን

ሓደ ክርስቲያን ምስ ኣምላኽዐ ርክብ ዝኣተወለን ኣገባባት ብዙሓት እየን። ንባብ ቅ.መጽሓፍ ሎሚ ኣብ ግላውን ማሕበራውን ጸሎት ጊኑ ዝርከብ ሓደ እዩ። እዚ ኣገባብ እዚ ብጉባኤ ቫቲካን ፪ይ (DV25) ዝቀረበ እዩ።

ኩነት ኣገባብራ ግና ዳርጋ ኩሎም ይሰምሩሉ ንሱ ከኣ

- ጽዋዔ መ/ቅዱስ
- ሕድነት ቅ.መጽሓፍ
- ኣድላይነቱን ሕያው ምግባሩን ( essentialita’ e dinamicita’)
- ሓቀኛ ህላዌ ኢየሱስ ኣብ ቅ.መጽሓፍ
- ትሕትናን ንጽሕና ልብን።እዚኤን ንባብ ቅ.መጽሓፍን ምግባር ቅድመ ኩነት እየን።

ቦታን ንውሒ ሰዓታት ጊዜ ንባብ ቅ.መጽሓፍ፣ እዚ ከከም ኩነታቱን ዝልወጥ እዩ።

ዕላማ ፣ ኣርባዕተ ዕላማታት ኣለዋ።

1) ተሎጋዊ ፣ ምስ ኣምላኽዐ ዝርርብ ክህሉ በዚ ከኣ ድላይ ኣምላኽዐ ምፍላጥ
2) ክርስቶሳዊ (Christological) –ኣብ ፍጹም ፍልጠት ኢየሱስ ምብጻሕ

[4] Ambrogio De officiis ministrorum, I .20,88:PL 16,50

3) **ቤ/ያናዊ** (ecclesiological) --ማሕበር እምነት ምእንቲ ክውለድን ኪዓብን
4) **ስነ ሰብኣዊ** (anthropological)--እቲ ኣማኒ ንዝኾነ ሠናይ ነገር ዝተቀረበ ኮይኑ ንሰብኣዊ ነገራት ብመደብ ኣምላኽዐገይሩ ምእንቲ ክመዝኖም/ክፈርዶም።

**ፓስቶራሳዊ ስክፍታ** ፡ ንባብ ቅ.መጽሓፍ ብዝምልከት ጸገማት ዘሎ ክፍለጥ እሞ ብኣግኡ ንምእላይ።

1) **ብህላዊ** (cultural) -- ቅ.መጽሓፍ ጽንክር ዝበለ እዩ፡ ኣብ ኩሉ ከኣ ዝበጽሕ ኣይኮነን።
2) **ቤ/ያናዊ** (ecctesial) በይንኻዐ ዝግበር ንባብ ቅ.መጽሓፍ ሓደገኛዐ እዩ። ናብ ጸቢብ ኣተሓሳስባን መናፍቅነትን ኪወስድ ይኽእል።
3) **ጥቡቅነትን ክቱር መንፈሳውነትን** ፡ ቅ.መጽሓፍ ተከፊልኮልካ ኩሉ ሥራሕካ ምሕዳግ።

ነዚ ጸገማት ንምእላይ፡ ናይ ነፍስ ወከፍ ቀጥታዊ ርክብ ምስ ቅ.መጽሓፍ ኣብ ቦታኡ ኮይኑ፡ ምስ ቤ/ያን ኣብ ቤ/ያን ክምዝጥቀሙ ምግባር፡ (DV 21:25)

## 1.3 ዘድሊ ኣቀራርባ ንንባብ ቅ.መጽሓፍ፡

ንባብ ቅ.መጽሓፍ ግቡእ ፍሪኡ ክህብ እንተኾይኑ እዘን ዝስዕባ ቅድመ ኩነት ኪማልኣ ኣለወን።

### 1.3.1 ኣብ ቃል ናብ ዘሎ ኢየሱስ እምነት ምህላው

እቲ ቀዳማይ ኣቀራርባ ንባብ ቅ.መጽሓፍ እምነት እዩ። ንባብ ቅ.መጽሓፍ ኣብ ኢየሱስ ካብ ዘሎካ እምነት ዝብገስ እዩ። ኢየሱስ መፍትሕ ናይቲ ንባብ እዩ። ኩሉ ቅ.ጽሑፋት ሓደ መጽሓፍ የቊሙ። እዚ መጽሓፍ'ዚ ከኣ ኢዩሱስ እዩ። ምክንያቱ ኩሉ እቲ ቅ.መጽሓፍ ብዛዕባ ክርስቶስ ይዛረብ። ኣብ ክርስቶስ ከኣ ምልኣት ይረክብ።

ኣብ ኢየሱስ ዘሎካ እምነት ቅ.መጽሓፍ ንምርዳእ ኣጸቢቑ ይሕግዝ፡ ቅ.መጽሓፍ ከኣ ንመንፈሳዊ ሕይወት ብዝምልከት ትርጉም ኢየሱስ ዝያዳ ንምርዳእ ይሕግዝ። ቅ.መጽሓፍ ገለ ነገር ኣይኮነን፡ እንታይ ደኣ ገለ-ኣካል እዩ። እዚ ኣካል እዚ ከኣ ኢየሱስ ጐይታ እዩ።

ካብዚ ቤ/ያን ካብ ቅ.መጽሓፍ ብእትምግቦ ፍቅሪ ይውለድ። በዚ ከኣ ምእመናን ምእንቲ ኬክብርዎ ኣብ ዝርኤ ቦታ ይቅመጥን ኣብ ጊዜ ሉጥርግያ ከኣ ብካህን ይዕጠንን፡ ኣብ እንግድዓ ሓዲሽ ተሰያዊ ጳጳስ ከኣ ይድፋእ።

ኣብ ቅ.መጽሓፍ ህላዌ ኢየሱስ ኣሎ፡ ቤ/ያን ከኣ ነፍስ ወከፍ ኣማኒ ምሳኡ ናይ እምነት ርክብ ንምግባር ትዕድም።

ቤ/ያን ቅ.መጽሓፍ ብእስትንፋስ መጽሓፍ ቅዱስ ዝተጻሕፈ፡ ጸሓፊኡ ከኣ መንፈስ ቅዱስ ምካኑ ኣጽኒዓ ትኣምን። በዚ ምክንያት ከኣ እዩ።ቤ/ያን ንቅ.መጽሓፍ ከም ቅ.ቊርባን ዝበርህ ሽምዓ ኣብ ጥቃኡ እትበርህ። ከምቲ ኣብ ትሕቲ መልክዕ ኅብስትን ወይንን ኢየሱስ ዘሎ፡ ከማኡ ኣብ ትሕቲ መልክዕ ጽሑፍ ኢየሱስ ኣሎ።(DV 21)

ኣብ ቅ.መጽሓፍ እምነት ምግባር እምበኣር

→ ናይ ህላዌኻዐ መወከሲ

→ መምህር ኣነባብራካዐ — ትገብሮ ኣለካዐማለት'ዩ።
→ ኣገባብ ኣጸላልያካዐ

### 1.3.2 ኣብ ቅድሚቲ ቃል ተለውጠ ልቢ የድሊ

ኣብ ትግባረ ንባብ ቅ.መጽሓፍ ንምእታው ቀጻሊ ተለውጠ ልቢ የድሊ። መምህራን መንፈሳዊ ሕይወት ከምዚ ይብሉ። ኣብ ሕይወት ኣማኒ ሃዋህው ውሳጣዊ ስቅታ ክፍጠር ኣለዎ፣ እዚ ስቅታ'ዚ ንውስጣዊ ዕርቅን ተለውጠ ልብን የቀላጥፍ። እዚ እንተዘይ ሃልዩ ናብ ቃለ እግዚኣብሔር ክትኣቱ ኣይከኣልን። ንቅ.መጽሓፍ ጽን ምባል ንሕይወት ክርስትያን ኣገዳሲ መጋበሪ እዩ፣(ዘዳግ 6፣3-9)

ንቃለ እግዚኣብሔር ጽን ምባል ማለት ድሕነት ኪሠርሕን ሕይወት ኪልውጥን ንኣምላክዐ ተበግሶ ምሃብ ማለት እዩ። ከም ሣሙኤል "ተዛረብ ጐይታ ባርያካዐ ይሰምዓካ ኣሎ" ብምባል መደብ ኣምላክዐ ክትቅበል ኣሎካ። እቲ ሓቀኛዐ ተለውጠ ዝረጋገጽ እቲ ኣማኒ ድሕሪ ንቃለ-እግዚኣብሔር ጽን ምስበለ ምስ ዝምልሽ እዩ።

### 1.3.3 ጽዋዔ መንፈስ ቅዱስ

ነቲ ሓቀኛዐ ትርጉም ቃለ-እግዚኣብሔር ንምፍላጥ ኣብ ጸሎት ጸጋ መንፈስ ቅዱስ ምሕታት እዩ። ከመይ ንሱ እዩ ንቅ.መጽሓፍ ብእስትንፋስ ዘጽሓፈን ጸሓፊኡ እውን ዝኾነ።"ቅ.መጽሓፍ ብሓገዝ መንፈስ ቅዱስ ጥራሕ ኪንበብን ኪትርጐምን" ኣለዎ። (DV 12) ኣብ መንፈስ ቅዱስ ዝተገብረ ጸሎት ጥራሕ ንኣእምሮን ልብን ኬብርህ ዝኽእል፣ ንኣምላክዐ ከይነስተማቅር ንዝኽእለና ከኣ ኪኣልየልና ዝኽእል 2ቆሮ 3፣12-16)

ኣብ መንፈስ ቅዱስ እንጽሊ ንሱ ናይ ሓድነትን ሰላምን ምንጪ ብምኽንያት ናብቲ ሓድነት ምስጢር ዘብጽሓና ክርስቶስ ሰብ ዝኾኑ ምኽንያት ሓጢኣትና ዝሓመመ ዝሞተን ዝተንሥኤን ምኽንያቱ ዘረድኣና ስለዝኾነ እዩ።

### 1.3.4 ሱታፌ ምስ ቤ/ያን

ኣብ ንባብ ቅ.መጽሓፍ ነቲ ቃል ንምፍላጥ ኣብ ሱታፌ ቤ/ያን ምንባር ናይ ግዲ እዩ። እቲ ንባብ ጉባኤ ምእመናን ማሕደር መንፈስ ቅዱስ ዝኾነት ቤ/ያን ሰውነት ክርስቶስ ጥራሕ ክግበርን ኪረጋገጽን ዝኽእል። ማሕበረ ቤ/ያን ቃለ እግዚኣብሔር ዝወልደሉን ዝበርተዓሉን ቦታ እዩ። ኣብ ንባብ ቅ.መጽሓፍ እዚ ኣብ ኢድ ኣማኒ ዘሎ ቅ.መጽሓፍ ካብ ሕያው ዝኾነት ማሕበር ኣመንቲ ዝተዋህበ እዩ። ኣብታ ማሕበር ዝተወልደ ቅ.መጽሓፍ ኣብኣ ጥራሕ እዩ ዝርዳእ። በዚ መንፈስ እዚ ንባብ ቅ.መጽሓፍ ቤ/ያናውን ማሕበራውን እዩ።

ኣብ ንባብ ቅ.መጽሓፍ ካብ ሱታፌ ቤ/ያን (መንፈስ ቅዱስ ፣ መሃሪ ኣካል፣ማሕበር እምነት) ምፍላይ ማለት ናብ ጌጋን መናፍቅነትን ምውዳቅ እዩ። ቅ.መጽሓፍ፣ ልምዲ ቤ/ያን ፣ መሃሪ ኣካል (Magisterium) ሓደ ኩነት እያቶም።

### 1.3.5 ሓድነትን ኩነታትን ቅ.መጽሓፍ

ንትኽእለኛዐ ርድኢት ንባብ ቅ.መጽሓፍ ዘውሕስ ሓድነትን ኩላውነትን ቅ.መጽሓፍ እዩ። ቅ.መጽሓፍ ሓደ እዩ። እቲ ዝተፈላለየ መጽሕፍቲ ቅ.መጽሓፍ ኣብ መደብ ግልጸት ኣምላክዐ ናቶም ግቡእ ቦታን ሥርሕን ኣለዎም። መጻሕፍቲ

ቅ.መጽሓፍ ከምቲ ንዓቢይ ሕንጻ ዘቆሙ ሕጡብ እዮም። ኣብ ታሪኽዐ ወድ ሰብ ብሓድነት ነቲ መደብ ድሕነት ኣምላኽዐ የቂሙ።

## 2 ንባብ ቅ.መጽሓፍ ብዝምልከት ሓገዝቲ መብርሂታት

### 2.1 ንባብ ቅ.መጽሓፍ ናይ ኩልና ቤት እዩ

ንባብ ቅ.መጻሓፍ ኩላቶም ሓቀኛን ብሱልን ጉዕዞ እምነት ክርስትና ናይ ዝገብሩ ብሓንሳብ ዝነብሩሉ ሥፍራ እዩ። ናይዚ ቃለ እግዚኣብሔር ቤት ማሕበረ ክርስትና ዝኮነት ኣብኣ ብሓባር ንባበ ቅ.መጽሓፍ ዝጽለየላ ቁምስና ወይ ገዳም እዩ።

- ንባብ ቅ.መጽሓፍ ብቀዳምነት ከም ኣገባብ ጸሎት እዩ። ኣጠቓቅማኡ፣ ኣገባብ ጸሎት ጥራሕ ዘይኮነ ከኣ ተሎጊያ ዝግበረሉ እዩ። ከም ልማድ ጸሎትን ተሎጊያን ፍሉያት ይሕሰቡ ነበሩ። ንባብ ቅ.መጽሓፍ ግና ነዚ ፍልልይ'ዚ የወግድ። ንባብ ቅ.መጽሕፍ ከም ጸሎት ከም ተሎጋዊ ኣስተንትኖ ቤተ/ያንን ኮይኑ ሓቀኛዐ ጉዕዞ እምነት ይህብ። (DV 2,21 ተመልከት።
- ንባብ ቅ.መጽሓፍ፣ ንቅ.መጽ ምንባብ እዩ፣ ምንባብ ተመኩሮ ሕይወት እዩ፣ እቲ ኣገባብ ኣናብባ ናብ ሕይወት ዘተኮረ እዩ። እዚ ንባብ እዚ ንሕይወት ምንባብ ማለት እዩ። ቃለ እግዚኣብሔር ኣብ ዝሓለፈ ዘመን ጥራሕ ኣይኮነን ሥጋ ዝለበሰ፣ ሎሚ እውን ምሳና ብምኳኑ ኣብ ጸገማትናን ነታ ተስፋ ንምጭባጥን ሥጋ ይለብስ። መዝ.ዳዊት "ኣብየት ሎሚ ንቃልካ/ድምጽካዐእንተዝሰምዕ" መዝ. 95፥7 ይብል።
- ኣብ ሕይወት ቤ/ያን ሰፊሑ ዝርከብ ኣገባብ መንፈሳዊ ንባብ ቅ.መጽሓፍ ኣብ ቅ.መጽሓፍ ባዕሉ ዝርከብ ኣገባብ እዩ። ኣብ ዝሓለፈ ዘመን ተሎጊያ ንምግባር ዋና መሪሕ ነበረ። ኣብ ዘመነ ኣበው እውን ብጊዜ ቅ.በነዲክቶስን እቲ ዓብላሊ ፍልጠት/ጥበብ ንባብ ቅ.መጽሓፍ ነበረ። ሎሚ ንባብ ቅ.መጽሓፍ "ንሓድሽ ስብከተ ወንጌል" ንምሕዳስ ማሕበረ ሰብ ክርስትያን ፈርያም መሬት እዩ። ጉባኤ (DV 24) ይብል።
- ንባብ ቅ.መጽሓፍ፣ ንቅ.መጽሓፍ ከም ታሪኽዐ ገይሩ የቅርቦ። እንታይ እዩ ቅ.መጽሓፍ? ቅ.መጽሓፍ ሓደ መጽሓፍ ወይ ሓደ ጽሑፍ ኣይኮነን፣ ንሱ ናብ ተመኩሮ ኣምላኽዐ ዘብጽሕ ሃብታም ታሪኽዐ ሕይወት እዩ። ናይ ሕዝበ እግዚኣብሔር ፍጻሜታት ታሪኽዐ ዝምልከት ታሪኽዐ እዩ። ቅ.መጽሓፍ ዝተጻሕፈ ሰብኣውን ሃይማኖታውን ክብርታት ንምትሕልላፍ ዝተጻሕፈ እዩ። ቅ.መጽሓፍ ኣብኡ ታሪኽዐ ኣገደስቲ ዝክሪታትን ስለዝትረክዐ ነቲ ክብርታት ንምጥራይ ይንበብ። ኣምላኽዐ ንባህሪ ሰብ ኣጸቢቁ ዝፈልጥ ነቲ ክብርታትን ንሕይወት ዝጠቅም ትምህርትን ከተሓላልፍ ምስ ደለየ ነዚ ታሪኽዐ ተጠቂሙ። ኣምላኽዐ ኣብ መጨረሽታ ናብ ደቂ ሰባት ሓደ ህያው ታሪኽዐ ለኣኺዐ ንሱ ከኣ ኢየሱስ እዩ።
- ንባብ ቅ.መጽሓፍ ነቲ ታሪኽዐ በቲ ህያው ባህሊ/ልማድ ኣቢሉ የንብቦ። ኣብ ቅ.መጽሓፍ ዘሎ ታሪኽዐ ብክልኣተ ኣገባብ ኪንበብ ይከኣል።
    - ➢ ንቅ.መጽሓፍ ክሳብ ነቶም ተዋሳእቲ ዘለሊ የንብቦ፣ ነቲ ንባብ ምስ ተወድኤ እቲ ኣንባቢ ጓና ኮይኑ ይስምዖ። ምኽንያቱ እቲ ዓለሙ ኣይኮነን። ከም ተለቪዥን ዝምልከት እዩ። ኣብ መ- መርያ ይስሕበካ፣ ደሓር ግና ካብቲ ኩነት እቲ ርሑቕ ኮይኑ ይስመዓካ።

- ካብ ህያው ባህሊ ክተንብቦ ከሎካዐግና፣
  - ካበይ ከም ዝመጸእካን
  - ናበይ ትከይድ ከም ዘሎካዐ
  - ሕይወትካ እንታይ ትርጉም ኣለዎን ዝገልጸልካ እዩ።

ቅ.መጽሓፍ ካብ ባህሊ/ልማድ ዝመጸ ታሪክዐ የዘንትወልካ፤ እዚ ታሪኽዉ ንነፍሲ ወከፍ ሰብ ዝትንክፍ እዩ። ምክንያቱ ንከምዚ ስለ እተጻሕፈ። ስለዚ ቅ.መጽሓፍ ነንፍስ ወከፍና ዝምልከት ታሪክዐ እዩ። ካብ ታሪክዐ ቅ.መጽሓፍ ሕይወትካን ሕይወት ኣምላክዐ ንምፍላጥ ትመሃር።

ንባበ ቅ.መጽሓፍ ኣብ'ዚ ስርወ ሓሳብ እዚ ዝተመርኮሰ እዩ። ማለት ቅ.መጽሓፍ ታሪክዐእዩ። ነቲ ክከውን ዘለዎ ዝገልጽን ነቲ ክከውን ዘለዎ ዝነግርን ዘይኮነ ሕጂ ኣብ ርእሲ ነፍስ ወከፍ ኣማኒ ንዝከውን ዝገልጽ እዩ። ንኣብነት ኢሳ 43፥16-21 ንወስድ። ኣገባብ ንባበ ቅ.መጽሓፍ ዝገልጽ እዩ።

ሕዝበ ኣይሁድ ኣብ ምርኮ ባቢሎን ከለዉ ነቢይ ኢሰያስ ንሕዝቡ ብሰለስተ ኣስተምህሮም።

- ✓ ኸነት ፀኣት ሥግረ ቀይሕ ባሕሪ ይትርከሎም። ብዘይ ዝርዝራት የግዳ ስምዒታት ምርኮታት ከም ዘለዓዕል ገይሩ። ደሓር ምዝካሩ ኣገዳሲ "ዝሓለፈ ነገራት ኣይትዘክሩ...... ጎልቍ. 8" እኒሆ ሓዲስ ነገራት እገብር ጎልቍ..19 ኢሰያስ ኣረጊት ፍጻሜ ተሪክሎም፤ ምክንያቱ ኣብቲ ሀመት እቲ ተመሳሳሊ ነገር ይፍጸም ከምቲ ዝነበረ ነቲ ሕዝቢ ንምፍላጥ ምእንቲ ክሕግዞም፤ " - - - - ጎልቍ. 19 " እዚ እዩ ንባብ ቅ.መጽሓፍ ዝጠቅመሉ ኣገባብ እዚ ሕጂ ዝከውን ዘሎ ክዉን ምኳኑ ንምርኣይ፤ ሓደ ኣረጊት ታሪክዐ የዘንቱ።
- ✓ ካልኣይ ኣስተንትኖ ኢሳ፤ ጽቡቅ ኣብነት ንባበ ቅ.መጽሓፍ እዩ። "ኣብ በረካዐ ጐደናታቱ ክፈቱ - - - - - ጎልቍ. 19- 21" ኣብቲ ሀመት እቲ ኣብ ሕዝቡ ዝከውን ዘሎ ንምርዳእ ብናቱ ቃላት ገይሩ ንህላዌ ኩነታት ይገልጽ።
- ✓ ንሕጅን ንዝመጽእን ንምርዳእ፤ እንደገና ናይ ቀደም ፍጻሜ የዘንቱ። እኒሆ ሓደ ንጹር ኣብነት ንባብ ቅ.መጽሓፍ ኣብ ትንቢት ኢሳያስ ንረክብ። ሎሚ'ውን ኣብ ጊዜ ትክክል ዝኮዐ ይከውን ኣሎ። እንተድኣ ቅ.መጽሓፍ ብግቡእ ተነቢቡ፤ ብርግጽ ናይ ሕጂ ምበር ናይ ዝሓለፈ ጊዜ መጽሓፍ ኣይኮነን። ኣብ ንባበ ቅ.መጽሓፍ ቋንቋ ቅ.መጽሓፍ ተጠቂምና ሓዲስ ተሎጋዊ ቋንቋ ተጠቂምና ብዛዕባ ሕጂ ንዛረብ።

  ኣብ ቅ.መጽሓፍ ክልተ ዝተፈላለዩ ንባባት የለዉን፤ ሓደ ንባብ እዩ ኣባኡ ከኣ ሕሉፍን ዘሎን ኩውን ዝኮዐሉ እዩ።

## ቅ.መጽሓፍ፤ ኣገባብ ግላዊ መንፈሳዊ ሕይወት

### ኣገባብን ደረጃታትን ንባበ ቅ.መጽሓፍ

ጥቅሲ ካብ ቅ.መጽሓፍ ንኣገባብ ንባበ ቅ.መጽሓፍ ኣጸቢቁ ይገልጸ፤ " - - - - ዘዳግ 30፥14"

ቃለ ኣግዚኣብሔር - ኣብ ኣፍካ = ንባብ
- ኣብ ልብካዐ = ንኣስተንትኖን ጸሎትን
- ኣብ ትግባረ = ተመስጠ

ንባበ ቅ.መጽሓፍ ንቅ.መጽሓፍ ንምንባብ ሓቀኛዐ ትክክለኛን መንገዲ እዩ። ንሱ ካብ ቅ.መጽሓፍ እትውለድን ብኣኡ ዝቆመት ጸሎትን እያ።
ኣገባብ ንባበቅ.መጽሓፍ ቸርቶሳዊ መነኮስ ጉዪጎ ኣብ ዓርኩ - ርቫዝዮ "መሳልል መነኮሳት ወይ ሕይወት ተመስጦ" ኣብ ዝብል መልእክቱ ዝምርኮስ እዩ።ንሱ ኣብ ማቴ 7፡7 ዘሎ ጸሎት እንከስተንትን፡ " ስኣሉ ወይትወሃብክሙ ጎሡ - - ኳሕኩሑ - - - " ንዝበላ ነተን ኣርባዕተ ደረጃታት ንባበ ቅ.መጽሓፍ ኣቆማ፣ ከምዚ ቢሉ ከአ የስተንትነን።
ድላዩ - - - - ኣብ ንባብ
ትረክቡዎ - - - ኣብ ኣስተንትኖ
ኳሕኩሑ እቤሉ - - ኣብ ጸሎት - - - ክክፈተልክኩም'ዩ ኣብ ተመስጦ፣
እምበኣርከስ እቲ መነኮስ ነቲ ኣገባብ ኣብ ኣርባዕተ ጠቅሊልዎ፣
ንባብ ኣስተንትኖ ጸሎት ተመስጦ፣ ቀጺሉ ሓሳባቱ ይገልጽ።
ንባብ ይደሊ → ነቲ ጥረ መግቢ ኣብ ኣፍ የብጽሕ
ኣስተንትኖ ይረክብ → ነቲ መግቢ ይሕይክዐ ይጥሕኖ
ጸሎት ያሓትት → መቀረቱ ይፈልጥ
ተመስጦ የስተማቅር → በቲ ጣዕሚ ይሕጕስ እሞ ሓይሊ ይፈጥር

ኣገባብ ኣናብባ ውሁድን ሕያውን እዩ። እቲ ዘንብብ፣ ንኣኡ የስተንትንን ይደልን ብኣኡ ይምሰጥን። ጕዪጎ፣ ንባብ ብዘይ ኣስተንትኖ፣ ንቁጽ እዩ።

ኣስተንትኖ ብዘይ ንባብ፣ ንጌጋ ዝተቃልሐ እዩ።
ጸሎት ብዘይ ኣስተንትኖ፣ ላንጋ ላንጋ ኣይምዉቅ ኣይዝሑል
ኣስተትኖ ብዘይ ጸሎት፣ ፍረ ኣልቦ እያ ይብል።

ብዉዕውዕ መንፈስ ዝተገብረ ናብ ተመስጦ የብጽሕ፣ ብዘይ ጸሎት ዝርከብ ተመስጦ ሳሕትን ተኣምራታውን እዩ።
- ማሪ፣ ምዕባለ ነፍስ ወከፍ ደረጃ ንባብ ቅ.መጽሓፍ ኣብ ጽዋዔ መንፈስ ቅዱስ (ነዓ መ/ቅዱስ) እዩ። እተን መሠረታውያን ደረጃታት ሰለስተ እየን፣

– ንባብ
– ኣስተንትኖ
– ጸሎት

እዚኣተን ንከሉ ሰብ ማዕረ እየን ኣፍልጦ ቅ.መጽሓፍ ንዘለዎን ንዘይብሉን

ኣብ ልማደ ረበናት ህላዌ ኣምላክዐ ኣብ ዓለም "ብቶራህ" እዩ፣ ሰብ ናብ'ዚ ብንባብን ኣስተንትኖን ጸሎትን እዩ ዝኣትዎ ይብሉ። እዘን ሰለስተ ባእታታት ኣብ ልማደ ክርስትና እውን እተን ቀንዲ ኣገባባት ንባበ ቅ.መጽሓፍ እየን።

## 1. ጽዋዔ መንፈስ ቅዱስ ፡ ጸሎት ናብ መንፈስ ቅዱስ

ኣብ ንባበ ቅ.መጽሓፍ ንምእታው ልዕሊ ኩሉ ጸሎት ናብ መንፈስ ቅዱስ ገርካ እዩ ዝጅመር፣ እዚ ነቲ ዝዛረበካ ዘሎ ኣምላክዐ ንምስማዕን ንምርዳእን ብርሃን ዝህበካ ክንድ ዝኾነ እዩ። ጽን ቢልካ ምክታል ፍረ መንፈስ ቅዱስ እዩ። መጽሓፍ ቅዱስ እቲ ሓቀኛ መምህር ፡ እቲ ሓቀኛዐ ተርጓሚ ቅ.መጽሓፍ እዩ። ንሱ ጥራሕ እዩ ነቲ ክንርድኦ ዘይከኣለና፣ ክንርድኦ እንክንክእለሉ፣ ነቲ ቃላት ኣብ መንፈሳዊ ፍልጠት ከብጻሓና ንዚይክእል እቲ መንፈስ ጥራሕ እዩ ነዚ ዘክእለና።

እዚ ጸሎት ባዕልና ዘደረስናዮ ወይ ከኣ ገለ ጥቅስታት ካብ መዝ 118 ኪከውን ይከኣል። እዚ መዝሙር እዚ ንቃል ኣምላክዐ ንምስማዕ ዝተመርጸ ጸሎት እዩ። ኣበው ጸሎት ሕያው ዝከውን ምስ መንፈስ ቅዱስ ሱታፌ ምስ ዝህሉ ጥራሕ እዩ ይብሉ። ቅ.ኤፍረም ሶርያዊ፡ “ቅድሚ ምንባብካ ኣምላክዐ ምእንቲ ኬብርሃልካ ጸሊ” ይብል። ዮሴፍ ቡስናያ ዝተባህለ ክርስትያን ጸሓፊ፡ “ ነዚ ጸሎት እዚ ከም እማሜ የቅርብ፡” ኦ ጐይታ ንቃላት ሕይወትን ደስታን ብኣፍን መልሓስን ቅ.መጽሓፍ ገርካ ሃበኒ፡ ብዝተሓደሰ ውሳጣዊ ኣእዛን ከም ዝሰምዕ፡ ንክብርካዐ ከኣ ብልሳን መንፈስ ቅዱስ ገይረ ከምዝዝምር ግበረኒ።

ዮሓንስ ኣፈወርቅ'ውን፡ ቅ.መጽሓፍ ንምክፏት “ኦ መንፈስ ቅዱስ ክሳብ ድላይካ ዝርዳእን ዝፍጽምን ዝፍጽምን ኣዒንቲ ልበይ ክፈተለይ፡ ንኣዒንተይ ከኣ ብብርሃንካ ኣብርሃየን” ቢሉ ይጽሊ ነበረ። ኣብ ጊዜ ጽን ምባል ቃለ እግዚኣብሔር መንፈስ ቅዱስ እዩ ንኣእምሮ ዝከፍትን ንልቢ ዝመርሕን፡ እዚ መንፈስ እዚ ከምቲ ኣብ ጥንቲ ኣብ ቅዱሳን ጸሓፍቲ ዝዓየየ፡ ሎሚ'ውን ነዚ ቃለ ኣብ ዘንብብ ዘበለ ይሰርሕ።

ውጽኢት ጸሎት ናብ መንፈስ ቅዱስ፡

I. ንኣንባቢ ካብ ሃንደበታውን ጉጉይን ትርጓሜ ነጻ ይገብሮ።
II. ክንዲ ካባኡ ርሑቅ ዝገብሮ ንጽሕና ልቢ ሂቡ ናብቲ ቃል ከምዝልወጥ ይገብሮ።
III. ንመልእኽቲ ኣምላክዐ ከኣ ብፍቅሪ ከም ዝቅበሎ ይገብሮ።

## 2. ንባብ፡ እቲ ቃል ንርእሱ እንታይ ይብል።

ቀዳማይ ደረጃ ናይ ንባብ ቅ.መጽሓፍ፡ ንባብ ሓደ ክፍሊ ቅ.መጽሓፍ እዩ። ኣብ ንባብ ቅዱስ ጂሮም፡ “ንቲ ጉልባብ ናብ መንፈስ ቅዱስ እዝርግሖ ኣሎከዎ ይብል

ነዚ ንምግባር፡-- ጥንቃቀ

-- ጽን ምባል ይሓትት ፡ ምክዐያቱ እቲ ዕላማ ብእዝኒ ምስማዕ ብልቢ ምቅባል እዩ።

እቲ ዝዛረበኒ ህያው ኣነ ዝራከዐ ዘሎከዐ ከኣ እግዚኣብሔር ባዕሉ እዩ። ንባበ ቅ.መጽሓፍ እምበኣር በቲ ቃለ ሓቅን ጥበብን ንኣምላክዐ ምድላይን ምሳኡ ምርካፀን እዩ። ሓደ ክፍሊ ቅ.መጽሓፍ ምንባብ እንታይ የስምዕ?

ነተን ጠብላሕታ ዘሕድራልካ ቃላትን ዓረፍተ ነገራትን ሓሳባትን ምንባቡን ደጋጊምካ ምንባቡን፡ እንኮላይ ዋዕ ቢልካ ምንባብን የስምዕ። ናይቲ ጽሑፍ ኣገደስቲ ክፍልታት፡ ከም

ንቅ.መጽሓፍ

ብቅ.መጽሓፍ
ምንባብ ማለትእዩ።

-- ትሕዝቶ
-- ኣባኡ ተዋሳእቲ ዘለዉ ሰባት
-- እቲ ሃዋህው (Ambiente)
-- እቲ ምሳሌታትን (niumapini) ምልክታትን ብከመይ ቀሪቦም ኣለዉ
-- እቲ ተግባራት ኣየኖት ተግባራት እዮም ነቲ ጸሓፊ ኣገደስቲ?
-- እቲ ተወዳዳሪ ቃላት (passi paralleli)
-- ተመሳሰልቲ ጥቅስታት
--ኣየናይ እቲ ጸሓፊ ከመሓላልፎ ዝደለየ መልእኽቲ

እዚ ደረጃ ናይ'ዚ ንባብ ቅ.መጽሓፍ ናይቲ ጽሑፍ ትሕዝቶኡ (senso letterale-storico) ናይ ምድላይ ናይ ምጽናዕ ጊዜ እዩ።
ኣብዚ ናይ ምጽናዕ/ምድላይ ጊዜ ሓገዝቲ ዝኾኑ ብዛዕባኡ ዝዛረቡ ከም ጽሑፋት ኣበው መዝገበ ቃላት ናይ ቅ.መጽሓፍ ኣድምታ ቅ.መጽሓፍ (commentary) ነዚታት ንምግባር ዝመርሕ ሰብ'ውን እንተተረኺቡ ሓጋዚ እዩ።በዚ ኣገባብ እዚ ዝተገብረ ንባብ፡ ንኣንባቢ ሓፈሻዊ ስእልን ንሕይወት ብመንጽር መደብ ኣምላኽ ንምርኣይ ይሕግዞ'ሞ ካብ ጸቢብ ኣተሓሳስባ ቅ.መጽሓፍ (fondamentalismo biblico) የድሕን።

## ጊዜ፡ መኣስ ንባበ ቅ.መጽሓፍ ይኸውን

እዚ ኣገባብ'ዚ ወሰን ጊዜ ክህልዎ ኣለዎ እምበር ከም መሕለፍ ጊዜ ወይ መተካእታ ናይ ካልእ መደባት ኪኸውን የብሉን።እዚ ኣብ መንፈሳዊ ሕይወት ሥሩዕን ንኣኡ ዝተመደበ ጊዜ ይሓትት።
ዝንበብ ክፍሊ፡ ንባብ ምቹእ ምእንቲ ኪኸውን፡

I. ግጻዊ ምክፋል
II. ቀጻሊ ንባብ ካብ ቅ.መጽሓፍ፡ ተር ኣቢልካ ብዘይ ምዝላል ሓደ መጽሓፍ ድሕሪ ሓደ መጽሓፍቲ ምንባብ።

ንባበ ቅ.መጽሓፍ ብኸመይንትናኻዕኪግበር ኣለዎ።
- ዘንብባ ከናፍር ዘድምጻን
- ኣብ ኣእምሮኻዕምቅራጹ
- ትርጉሙ ንምፍላጥ ምርምር ኣእምሮ ምጥቃም
- ኣብ ተግባር ክተውዕሎ ድላይ ምግባር፡

ቅ. ኣምብሮስዮስ፡ "ሰብ ነቲ ኣምላኻዊ ጽሑፋት ምንባብ ምስ - መረ፡ ኣምላኽዐ ኣብ ምድራዊ ገነት ምሳኡ ይዛወር" ይብል።

## 3. ኣስተንትኖ፡ እቲ ንቃል ንኣይ እንታይ ይብለኒ፡

ንባብ ምስቲ ጽሑፍ ቅ.መጽሓፍ ምስ ኣላለየን፡ እቲ ቃል ከኣ ናትና ቃል ምስ ኮነ፡ ኣብቲ ካልኣይ ደረጃ ኣብ ኣስተንትኖ ንኣቱ።ኣስተንትኖ ኣምላኽዐ ንኣያ ዝዛረበሉ ጊዜ እዩ። ስቅታ ገርና እዝንና ንከፍተሉ እዩ። "እቲ ጐይታ እንታይ ከም ዝብል ጽን ክብል እየ" (መዝ 85፡9) ኣስተንትኖ ነቲ ቃል ኣብ ግላውን ማሕበራውን ሕይወትና ንምእታው ዝግበር ቃልሲ እዩ።እቲ ንኣይ ተባሂሉ ዝተጻሕፈ መጽሓፍ፡ ንኣይ ኪዛረበኒ ኣለዎ። ኣምላኽዐ ንነቢይ ሕዝቅኤል "ነተን ኩለን ዝበልካ ቃላት ኣብ ልብኻዕሓዘን" ሕዝ 3፡10 ንዝክር።
ኣብ ቀዋሚ ክብረ ቃል ክነስተንትን ከሎና ነቲ ዝተሓብኤ ሓቂ ብምርካብ ንዓና ተግባራዊ ክንገብሮ ፍልጠት ዘይኮነ ናይቲ ቃል መቀረት ንምድላይ ድሕሪ ነፍሲ ወከፍ ቃል ተኸዊሉ ዘሎ ገጽ ክርስቶስ ንደሊ።
ኣብዚ ኣብነት እትኸውን ድንግል ማርያም እያ። ንሳ ነቲ ቃል ለይትን ቅትርን ክትርድኦ ጸዓረት፡ ኣስተንተነቶ (ሉቃ 2፡19-51) ቅ.ኣጐስጢኖስ እቲ ጽሑፍ ቅድሚ ልቢ ምውራዱን ኣብ ሕይወት ምርኣዩን ቅድም ኣብ ኣፍ ኪሕየኽዐ ኣለዎ ይብል። (ሕዝ 3፡1-3) ኣብ ልምዲ መንፈሳውነት ኣስተንትኖ ሰለስተ ሁመታት ኣለዎ።

### a) ናይቲ እተስተንትኖ ዘሎካ0ማእከላይ/ሕመረት ትሕዝቶ ምእካብ

ነቲ ቀንዲ ወይ መፍትሕ ዝኮ0 ሓሳብ ምፍላይ፡ እዚ ደሓር ናብ ካልእ ተመሳሰልቲ ሓሳባት ክወስደካ እዩ።
ገለ ኣበው ቤ/ያን ነዚ እንኪገልጹ ኣብነት ፍልሖ የምጽኡ፡ ንሳቶም ብጥንቃቀ መግቢ ኣኪቦም ፈልዩም የቀምጥዎ። synagheim=ምእካብ prv 6:6-11

### b) ነቲ ዝኣከብካዮ ምስትንታኑ

ብንህቢ ይምስልዎ፡ ንህቢ መዓር ይገብር meleta'n ካብ ኣንቀጽ melata’o መዓር ምግባር፥meditatio prv 6:8
ኣብዚ ንመጽሓፍ ቅዱስ ክሳብ ዝገልጸልና ንነፍሲ ወከፍ ቃል ብምስትንታን ካብ ነፍስ ወከፍ ዕንባባ መዓር ዝገብር ንህቢ ተመሲሉ። ኣብዚ ደረጃዚ እቲ ኣቀዲሙ ዝተዘርኤ ቃል፡ ሕጂ ኣብቲ ሰናይ መሬት ልቢ ኣምላክ0ኣባኡ ምእንቲ ኪሠርሕ ይእከብን ይሕሎን።

### c) ምውህሃድ

እቲ ቃል ምስ ተወሃሃደ ንሕይወት ዝብርህን ናብ ኣምላክ0ገጹ ዝሕብር ሓይልን ብርሃን ይህብ። እቲ ኣብዚ ደረጃ'ዚ ዝበጽሕ ኣብ ልቡ ከም ሓዊ ሙቀት ይስምዖ፡ እዚ ከኣ ናብ ተመኩሮ ኣምላክ0ኣቢሉ ይወስድ።
ኣብዚ ሁመት'ዚ እዚ ዝስዕብ ሕቶታት ናብቲ ዘስተንተንካዮ ተቕርብ።

– ካብዚ ዘንበብክዎን ዘስተንተንኩዎን ጽሑፍ ኣየናይ እዩ ንዓይ እቲ ቀንዲ? ንምንታይ እዩ ኣገዳሲ ዝኮ0?
– ካብቶም ኣብቲ ጽሑፍ ዝዋስኡ ኣየኖቶም እመስል?
– በዚ ሓሳባት እዚ ገይረ ንሕይወተይ ብከመይ ክመርሓ እክእል?

ኣብዚ ደረጃ'ዚ ነቲ ቃል ብዕምቆት ኣብ ልብካ0ድሕሪ ምምርማር ንከሉ ሓይልካ0 ናባኡ ብምግባር ተለውጦ ክትገብር ትፍትን። ኣብ መጨረሽታ ከኣ ኣብቲ ቃል ትልወጥ። ድሕሪ ነዊሕ ኣስተንትኖን ቁርጺ ፍቃድን፡ ነቲ ዘንበብካዮን ዘስተንተንካዮን ክትነብሮ ትፍትን። ዕለተ ዕለት ከኣ ትምገቦ። ኣስተንትኖ ብከምዚ መንገዲ ነቲ መንፈሳዊ መልእክቲ ንምርካብን ንምእካብን ይሕግዘካ። እዚ እቲ መንፈስ ኣምላክ0ንዓካ0 ንቤተ ክርስትያን ዘመሓላልፎ መልእክቲ እዩ።
 ነቲ ቃል ከነስተንትን ከሎና፡ ክሳብ ነቲ ቃል እግዚኣብሔር ዝርድኦ ልብና ይሰፍሕ። ምክ0ያቱ እቲ መንፈስ በቲ ጽሑፍ ኣቢሉ ኣባና ስለዝሠርሕ፡ ሠርሕ እዩ። (2 ጢሞ 3፥16) ናይቲ ቃል ምሉእ ሓሳብ ንምርካብ ከኣ ይሕግዝ (ዮሓ 16፥13)

## 4. ጸሎት፡ በቲ ቃል ንኣምላክ0እንታይ ክብሎ'የ

ካብቲ ዘንበብናዮ ዝገበርናዮ ኣስተንትኖ ኣምላክ0 ንዓና እንታይ ከምዝሓተተና ንጹር ነገር እንተሎና ካብ ኣስተንትኖ ናብ ጸሎት ንሰጋገር ማለት እዩ። ንኣምላክ0እንታይ ክብሎ እየ ዝበል ዓቢይ ጸሎት ብሃንደበት ይውለድ።

ድሕሪ ንኣምላኽዐ ምስማዕ ምጽላይን ምምላስን ይከውን፡ ቅ.ኣጐስጢኖስ "ጸሎትካ ምስ ኣምላኽዐ ምዝራብ እዩ፡ ንቅ.መጽሓፍ እንከተንብብ ኣምላኽዐ ንዓኻዐ ይዛረበካ፡ ክትጽሊ ከሎኻዐከኣ ንስኻዐንኣምላኽዐተዛረቦ" ይብል።

ኣብ ኣስተንትኖ ኣብ ኅሊናና ኣምላኽዐ እንታይ ከም ዝብለና ፈሊጥና ሕጂ ንሕና ብጸሎት ገርና ከኣ ንምልሰሉ። ቃለ እግዚኣብሔር ኣባና ጸሎት ዝኸውት፡ ምኽዐያት ውዳሴ ምስጋና ልመና፡ እምነት ንስሓ ትከውን። ቅ.ኣጐስጢኖስ "እቲ ጽሑፍ ጸሎት እንተኾነ ጸልዩ፡ ዘርኢ እንተኾነ ዘርኡ፡ ምፍላጥ እንተኾነ ተሓጐሱ፡ ናይ ተስፋ እንተኾነ ተተስፈዉ፡ ፍርሃት ዝገልጽ እንተኾነ ፍርሑ፡ ምኽንያቱ ኣብቲ ጽሑፍ ቅ.መጽሓፍ እትርእይዎ ነገራት ናታትኩም ነጸብራቕ እዩ።

ጸሎት ነቲ ኣምላኽዐ ዝሃበና ቃለ-እግዚኣብሔር ኣባኡ ምምላስ እዩ። ቅ.ኣምብሮዝዮ "ክንጽሊ ከሎና ምሳኡ ንዛረብ፡ ኣምላኻዐ መደረ እንክነንብብ ከኣ ንኣኡ ጽን ንብል" ይብል።

## ኣገባብራ ጸሎት

ጸሎት ከም ንስሓ፡ ሕቶ ምስጋና ውዳሴ ኮይኑ ኪቐርብ ይከኣል።

ጸሎተ--ንስሓ፡ ዝከፉድናዮ ፍቕርን ካብ ኣቦ ርሑቃት ከም ዘሎና ዝፍልጠና እዩ። ከምቲ ናይ ጥፉእ ወዲ፡ (ሉቃ 15፡11-32)፡ ከምቲ ሓጢኣተኛዐ ንድሕነት ብትሕትና ምእንቲ ክንሓትት ይምህረና። "ኦ ጐይታይ ኣነ ሓጢኣተዐ እየ'ሞ ራሕርሓለይ" (ሉቃ 18፡13)።

ብጸሎተ-- ሓተታን ምሕጽንታን ከኣ ጸጋ መንፈስ ቅዱስ ምእንቲ ክንቅበል ንእግዚኣብሔር ኣብ ሓደ ነገር ክንሓቶ ንዕደም፡ ሉቃ 11፡13,

ብጸሎተ ምስጋናን ውዳሴን ከኣ በቲ ወትሩ ኣብ ዕለት ዘሰንየና ርሕሩሕ ፍቕሩን ኣብ ሕይወትና እነስተማቕሮ ድሕነት ኣምላኽዐ ተመኩሮ ንገብረሉ እዩ። ስለዝኾነ ነቲ ናባና ዝገበሮ ዘገርም ተግባር ዘስተንክር ህያብ ይከውን።

ነፍስ ወከፍ ከም ባህሉ ከም ኣቀዋውማ ተፈጥሮኡን መንፈሳውነቱን ወትሩ ኣብ ጸሎት ይዓቢ።

ምጽላይ ማለት ንተግባር ምብጋስ ማለት እዩ። እቲ ናይ ጸሎት ኣምላኽዐ ዝኾነ፡ ኣምላኽዐ ድሕነትን ሕይወትን ምኻነ ዘይምርሳዕ። ኣብዚ ጉዕዞዚ ጸሎት ካብ ተመኩሮ ሕይወት ዝተፈልየ ኣይኮነን። ነቲ እትነብሮ ንኣኡ ኢኻዐ እትጽሊ፡ ንኣምላኽዐ ከኣ በቲ ጭብጢ እንነብረሉ ኩነታትና ነገራት ገርና ኢና እነፍቅሮ። ነቲ ቃል ኣብ ጸሎት ምልዋጥ ማለት ብቕ.መጽሓፍ ኣቢልካ ነቲ ዕለታዊ ኩነት ብሓጐስን ሓዘንን፡ ብዓወትን ውድቀትን ዝቆመ ምስ ፍቃድ ኣምላኽዐ ተነጻጽሮ ማለት እዩ።

ክሳብ ኣብ መንጎ ጸሎትን ተግባርን ጋግ ዘሎ ብመንፈሳዊ ዕምቆት ዝንበር ሕይወትን፡ ሓቀኛዐ ጸሎትን ምብጻሕ ዝከኣል ኣይኮነን። ኣብ መጨረሽታ እቲ ዘፍቕር ጥራሕ ነቲ ኩነት ሕይወት ኣብ ጸሎት ኪልውጥ ዝኽእል፡ ምኽዐያቱ ምጽላይ ማለት ንተግባር ምብጋስ ክንድዝኾነ ምጽላይ ማለት ስምዒታት ምትግባር ኣይኮነን፡ ንፍቃድ ኣምላኽዐ ብልግስን ታሕጓስ ክትገብሮ ምፍታን እዩ።

## 5. ተመስጦ፡ ኣየናይ ህያብ ተቀቢለ እንታይ ፍረኸዐ ኣፍርየ።

ኣብ ሁመት ጸሎት ምስ በጸሕና ኣብዚ ደረጃ'ዚ ደው ክንብል ኣሎና። ነፍስ ወከፍ ሓቀኛዐ ጸሎት ተመስጦ እዩ። ኣብ'ዚ ደረጃ'ዚ እቲ ቃል መቀረቱ ኣብ ልቢ ዝፍለጠሉ እዩ። ተመስጦ ደጋዊ ተወስኮ ኣይኮነን። እንታይ ደኣ ካብቲ ብግቡእ ዝተገብረ ንባብ ቅ.መጽሓፍ ዝነቅል ኮይኑ፣ ናይ ልቢ ተመኩሮ ኣምላክዐ እዩ። ተመስጦኣዊ ተመኩሮ ምሥጢር ኣምላክዐ እዩ። ዮሓ ወንጌላዊ " ናይ ዘለዓ ለም ሕይወት ከኣ ኣምላክዐ ሓቂ በይንካዐ ንስካዐ ምክፀካን ነቲ ዝለኣክዐዮ ኢየሱስ ክርስቶስ ምፍላጥን እዩ" ዝበሎ እዩ። ዮሓ 17፡3
ተመስጦ ብግላዊ ጸዕሪ ወይ ድላይ ዝብጻሕ ዚይኮነ፣ ድሕሪ ነዊሕ ናይ ጸሎት ተመኩሮ ኣብ ልዕሊ ቃል ዝርከብ ፍረ እዩ። እዚ ፍረ'ዚ ኣባና ምድናቅን ምግራምን፣ ብገርሂ ኣዒንቲ ምሉእ እምነትን ደስታን ሰላምን ዝርኤ ኩነት እዩ።
እምበኣር ምስ ኣምላክዐ ዘሎና ጥቡቅነት ጥልቅን ክውንን እዩ። ብድጋሚ ከኣ ስቅታ ይሓትት ምክንያቱ ክንየው ዝበሃል ነገር የሎን። ኣምላክዐ ናይ ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ምሥጢር ንክዕርጻእ ታተ የብሉና።
ስለዚ ንኢየሱስ ጥራሕ ክንጥምት፣ ኣባኡ ክነዕርፍ፣ ፍቅሩ ንምቅባል፣ ኣብ ውሽጥና መንግሥተ ኣምላክዐ ክነዕቢ ዝብል ድላይ የሓድረና።
ተመስጦ ብዓይኒ ተገርሞ ኣብ ጽሞና ምሥጢረ እግዚኣብሔር ኣብን ናይ ኢየሱስ ዓርክን ናይ መንፈስ ቅዱስ ፍቅርን ምጥማት እዩ። ኣብ'ዚ ደረጃ'ዚ እቲ ኣማኒ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ተመስጦ ብምስግጋር ኣብ ትግባረ፣ ኣብ ስብከት ኣብ ኣብነት ማርያም ዝተመርከሰ ተግባር ፍቅሪ ይሰጋገር።
እምበኣር እቲ ንባበ ቅ.መጽሓፍ ኣብ ራእይ ምስ በጽሐ ናብቲ ናይ መጨረሽታ ጊዜ ምጽኣተ ክርስቶስ የሰናዱ፣ እዚ ከኣ እቲ ዘለዓለማዊ ተመስጦ ማለት እዩ።
መዛዘሚኒ፣ ንባበ ቅ.መጽሓፍ ደረቕ እገባብ ኣይኮነን፣ ነፍስ ወከፍ ከከም ኩነታቱ ነቲ መሰረታዊ ኣሰራርዓ ከይሓደገ ብናቱ መንገዲ ዝገብሮ ነገር እዩ።

-------------------- (()) --------------------

## ካብ ግላዊ ንባብ ቅ.መጽሓፍ ናብ ሓባራዊ/ማሕበራዊ ንባበ ቅ.መጽሓፍ

ኣብ ጐኒ ግላዊ ንባበ ቅ.መጽሓፍ ማሕበራዊ ንባበ ቅ.መጽሓፍ COLATIO ኣሎ።
ንባበ ቅ.መጽሓፍ ግላዊ ጐኒ ጥራሕ ዘይኮነ ማሕበራዊ እውን እዩ። እቲ ንባብ፣ ኣስተንትኖ ጸሎት ግላውን ማሕበራውን ተግባራት እዮም። እቲ ቃል ንነፍስ ወከፍና ዝበሎ ምስ ካልኦት ምክፋል ምህብታም እዩ። ምክንያቱ ቤ/ያናዊ ጐኒ ቅ.መጽሓፍ ስለዘርኢ። ነቲ ማሕበር ብምልእታ ብሓንሳብ ኣብ እምነት መንፈሳዊ ሕይወትን ክትዓብን ነንሓድሕዱም ክፋለጡን ክቀባበሉን ዝሕግዝ ክንድዝኮነ እዩ። ስለዚ ቃለ እግዚኣብሔር ኣብ ግሊ ጥራሕ ዘይኮነ ኣብ ማሕበር ክንበብ ከስተንትን ኪጽለ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።

### ሀ, ማሕበራዊ ንባብ ቅ.መጽሓፍ፣ ረቛሒታትን ጸገማትን፣

እንታይ እዩ ማሕበራዊ ንባብ ቅ.መጽሓፍ?
ማሕበራዊ ንባበ ቅ.መጽሓፍ (collatio) ብቓሉ ኣቢልካ ንጐይታ ብሓባር ጽን ምባል እዩ። እዚ ከኣ ንበይኑ ዝሰምዓን ዘስተንተናን ዝጸለያን ንሕንጸት እታ ማሕበር ምስ ዘበርክቶ እዩ።
<u>ረቛሒታት፣</u>
– እቲ ምክፋል ኣብ ንኣሽቱ ጉጅለታት (7-8 ሰባት) ኪግበር እዚ ናይ ምምሃር

ዝንባሌን፡ ካልኦት ንዝብልዎ ንምርዳእን፡ ስለዝሕግዝ።
- ካብ ካልኦት ክትቅበል ክፉት ምኳን፡ ክርክርን ቅድመ ፍርድን ምውጋድ።
- ነፍስ ወከፍ ንካልኦት ከብርህ መጋበሪ መንፈስ ቅዱስ ምኳኑ ፈሊጡ ኪዓዪ።
- ኣብ መንጎ ተጋባእቲ ዝኮነ ክርክርን ክትዕን ከይህሉ፡ ቅ.ባስልዮስ "ነቲ ጉዳይ ፈሊጥካ ምዝራብ፡ ብዘይ ምጉት ምሕታት፡ ብዘይ ትዕቢት ብትሕትና ምምላስ እቲ ዝዛረብ ዝጠቅም ነገር ይዛረብ እንተሎ ዘይምቁራጹ፡ ንህልክዐ ዘይምዝራብ፡ ኣብ ምዝራብ ኮነ ምስማዕ ምጡን ምኳን ብዘይ ሕፍረት ምምሃር፡ ንጥቅሚ ቢልካ ዘይምምሃር፡ ካብ ካልኦት ዝተመሃርካዮ ከኣ ዘይምሕባእ" ይብል።

**ጸገማት፡**

ከም ኩሉ ሰብኣዊ ኩነት ማሕበራዊ ንባበ ቅ.መጽሓፍ ጸገማት ድንገታት ኣለዎ።

I. ኣፍኣውነት
II. ስምዒታት
III. ሓሳብካ ናይ ምግላጽ ፍርሓት
IV. ኩነትካ ኣብ ስቅታ ምሕባእ፡ ትም ምባል ወይ ከኣ ብዘይመጠን ዓቢ ኮንካ ክትርኤ ምድላይ።

## ኣገባብ ማሕበራዊ ንባብ ቅ.መጽሕፍ

1, እቲ ኣከዋ ብጸሎት ናብ መንፈስ ቅዱስ ብሓደ ኣካል ባዕሉ ዝደረሶ ወይ ከኣ ካብ ልሙድ ጸሎት።

2, ኣንባቢ ብጥንቃቀን ብህድኣትን ብንጹር ቃልን ካብ ቅ.መጽ የንብብ። እዚ ዝተነበ ቀደም ነፍስ ወከፎም ብግሊ ኣንቢቦምዎን ኣስተንቲኖምሉን ኪጸንሑ ይግባእ።

3, ጊዜ ስቅታ ኣስተንትኖ ይስዕብ። እዚ ጊዜ'ዚ ንዝያዳ ኣዕምቆ ዝወሃብ እዩ።

4, ነታ ዝሰምዕዎ ቃል ሓደ ድሕሪ ሓደ እቲ ቃል ከመይ ገይሩ ከምዝዛረብ፡ ከምዘቃጽል ከምዝቅይር የካፍሉ። እቲ መራሒ ብሱል ንከውኑ ዘጠቃልል ትምህርቲ ይህብ።

5, ኩሎም ነቲ ቃል ድሕሪ ተካፊሎም፡ ይጽልዩ፡ እዚ ጸሎት እዚ ናይ ምስጋና/ውዳሴ/ልምና/ሓተታ/ንስሓ/እምነት/..... ኪከውን ይክእል።

6, ነቲ ቅ.መጽሓፍ ቅድሚ ምዕጻዎም ከኣ ዝኮነ ጸሎት ይደግሙ። ከም ቁርጺ ፍቃድ ዝኮኖም ከኣ ካብቲ ዘንበብዎ ሓደ ሓሳብ ይወስዱ።

## ግቡእ ኣጠቃቅማ ንባብ ቅ.መጽሓፍ ንምግባር ዝወሃብ ምክዐ፡

1) **ዝመርሐ ሰብ፡**

ብፍላይ ኣብ ማሕበራዊ ኣገባብ ጸሎት እቲ ዝመርሕ ሰብ ምስ ቅ.መጽሓፍ ዘለልዮም ቀጥታውን ታሪካውን ትርጉም ናይቲ ዘንበብዎ ዝፈትሓሎም ከማኡ መንፈስ ቅዱስ በቲ ትሕዝቶ እቲ ገይሩ ንዝህቦም መልእኽቲ ንምፍላጥ ዝሕግዞም።

2) **ቁጽሪ ተሳተፍቲ፡**

ብዝተካእለ እቶም ነዚ እገባብ ዝክተሉ ብጉጅለ ኪኮኑ፡ እቲ ጉጅለ ከኣ ቁጽሩ ዓሰርተ ወይ ካብኡ ንላዕሊ እንተኮይኑ ወትሩ ኣብቲ ዝተመደበሎም ዝርከቡ፡ ምስ ተፈለጡ ከኣ ሓሳባቶምን ተመኩሮኦምን ክለዋወጡ ዘየጸግሞም ኪኮኑ።

3) ሃዋህው፤ ኩነት ተሳተፍቲ፡ ብዘይ ቅድመ ፍርዲ ንተለውጠ ስንድዋት ውሳጣዊ ስቅታ ዘዘውትሩ ትሑታት ገርህታት፤ ከማኡ ርእይቶኦም ንምግላጽ ነጻ ዝኾነ ኪኾነ ይምረጽ፤ ወይ ከማኡ ከም ዝኾነ ምቅራቦም።

ቦታ፤ ዋዕዋዕ ዘይበዝሖ ጽምው ኮይኑ ንኣስተንትኖን ጸሎትን ዝዕድም ኪኸውን ይግባእ። ብዝተኻእለ ቤተ ጸሎት ወይ ቤተ ክርስትያን ኪኸውን ይምረጽ፤ እንተዘይኮነ

ኣብ ኣደራሽ ውን ኪግበር ይከኣል። እዚ ቦታ እዚ ነፍስ ወከፍ ምስ ልቡ ዝዛረበሉ፤ ኣምላኽ ምሳኡ ዝዋስኣሉ ንኣኡ ዝልውጠሉ ዘስተምህረሉ እዩ። ብማሕበር ኣብ ኣደራሽ ምስ ዝኸውን፤

- ቅ.መጽሓፍ ኣብ ዝርኤ ማእከላይ ቦታ ተቀሚጡ ምልክት ህላዌን ትንሣኤን ዝኾነ መብራህቲ ኣብ ጐኑ በሪሁ ኪቅመጥ።

ጊዜ፤ ኣብ ዝተወሰነ ሰዓት ዝተወሰነ ንባብ ምግባር፤ ማለት ምዱብ ጊዜ ኣድላዪ እዩ። ጅምር ግድፍ ንነፍሲ ስለዘየዕብያን ውሱን ቀጻሊ መደብ ምህላው ኣገዳሲ እዩ። ነፍስ ወከፍ ብፍላይ ብግሊ እንኪግበር ንኣኡ ዝጥዕም ጊዜ መሪጹ ኪገብር፤ ብማሕበር እንተኾይኑ ብምደብ ኪግበር ይግባእ።

ንኣምላኽ እቲ ዝበለጸ ክፍሊ ናይ መዓልቲ ምሃቡ፤ ማለት

– ኣእምሮኻ ከይደከመ

– ሰውነትካ ዕሩፍ ከሎ ኪግበር ይግባእ፤ ብዝተረፈ ደኺምካ እንከሎኻ ምግባር ኣጸጋሚ እዩ።

ካብ ተመኩሮ ከምዝርኤ፤ ናይ ሓደ ሰዓት ወይ ሰዓትን ፈረቃን እኹል እዩ።

**ጸሎት ናብ መንፈስ ቅዱስ**

**መክፈቲ ጸሎት**

1) መራሒ፤ ነዓ መንፈስ ቅዱስ፤ ወምላእ ውስተ ልቦሙ ለእለ ይኣምኑ ብከ ወእሳተ ፍቅርከ ይነድድ ውስቴቶሙ ወይትረጠሩ፤

ተቀበልቲ፤ ወትሐድሶ ገጻ ለምድር

መ. ንጸሊ ኣምላክ ዘትምህር ልበ ሰብእ በብርሃነ መ/ቅዱስ ረሰየነ ከመ ናእምር በዝንቱ መንፈስ ኩሎ ነገር ርቱዓ፤ ወንትፌሳሕ ፍስሓ ዘለዓለም ብእንተ እግዚኢነ ኢየሱስ ክርስቶን ኣሜን።

ስብሓት ለኣብ - - - - - - - - - - ኣሜን።

2) ኦ መ/ቅዱስ ነቲ ሥጋ ዝለበሰ ቃል ምእንቲ ክንራከቦ ልባትና ክፈተልና፤ ጥበብ ከኣ ህበና፤ ቃልካ ንምስማዕ ህድእ ምባል ኣምህርና ከመይ ንቃልካ ምእዙዛት ምኳና ምሕዳስን ምንጻሕን ልብን ስለዝሰዕበልና፤ ናይ ሱታፌካ ምስክር ምእንቲ ክገብረና ጸጋካ ሃበና። ብኣማልድነት ናይታ ብጽዋና ኣገልግሎት ነቲ ቃል ጽን ዝበለት ኣብ ልባ ዘንበረት ድንግል ማርያምን፤ ብትሩፋት ኢየሱስ ክርስቶስን፤ ፍረ ክነፍርየሉ ንልምነካ ኣሎና።

<u>መዕጸዊ ጸሎት፤</u>

ኦ ቅዱስ ኣቦና እቲ ኢየሱስ ንማርያም "እንታይ ትደለዪ" ዝበለ ቃል፤ ንኣና እውን ኣብ ዕለታዊ ሕይወትና ከደንቀና ሰለዝክእል ንኣኡ ክንረክቦ ጥራሕ ዘይኮነ፤ ንሱ ንኣና ክህበና ዝደልዮ ነገር ስለዘለዎ ክንቅበሎ ኣክእለና።

ኦ ርሕሩሕ ኣቦ ንክርስቶስ ምድላይ ማለት ምርካቡ እዩ፤ ምርካቡ ከኣ ቀጻሊ ምድላዩ ስለዝኾነ ኣተባብዓና። ስቅ ምባልን ጽን ምባልን ኣምህረና፤ ልብና

ካብቲ ዝለመዶን ዝጠበቖን ዘሕዝን ፍቅርታት ካብ ኩሉ ርሒቁ ምእንቲ ክርከብ መንገዲ ብሕትውና ከም ዝመሃር ግበረና፣ ንስካዐንዘለዓለም ዓለም እትነብር ምስጋናን ክብርን ኣምልኮ ይግበኣካ ኣሜን።

------------------------

ንባበ ቅ.መጽሓፍ ብማሕበር (collatio)

ትርጉም፣ ነፍስ ወከፍ ተጋባኢ ትሕትና ልብን ናይቲ ዝሰምየ ቃል ተመኩሮኡን እናገለጸ በቲ ቃል ኣቢሉ ንጐይታ ጽን ምባልን ነታ ማሕበር ምሕናጽን እዩ።

መእተዊ፣ ጉጅለ ጸሎት'ምበር ናይ ዕላል ኣይኮነን።

ምቅርራባት፣ ነፍስ ወከፍና ማሕደር መንፈስ ቅዱስ ስለዝኮነና፣ ነዓይ ኬብራሃለይ ይክእል እዩ ብምባል ብዘይክርክርን ቅድመ ኩነትን ስንድው ኴንካ ምቅራብ።

ኣገባብራ፣-- መክፈቲ ጸሎት ናብ መንፈስ ቅዱስ = ጽዋዔ መንፈስ ቅዱስ

-- ንባበ ቃል

-- ስቅታ ኣስተንትኖ

-- ሱታፌ ፡- ነቲ ዝተነበ ቃል-- ኣብ ጥልቂ ልብካዐምምልላስ

-- መግለጺ፣ እዚ ንቃል ነኣይ ይዛረበኒ ኣሎ።

-- በቲ ቃል ምጽላይ

-- መዛዘሚ ጸሎት፡- ናይ ምስጋና መዝ/ዜማ

ፍረን መንፈሳዊ ህያባት ንባበ ቅ.መጽሓፍ

ሓቀኛዐ ፍረን መንፈሳዊ ህያባትን ካብ ንባበ ቅ.መጽሓፍ ክንረክብ ንደሊ እንተድኣኮና ነዚ ዝስዕብ ክንገብር የድሊ፣

- ሕይወትና ክንሰርዕ ካብ ዓለምን ሓጢኣትን ተፈሊና ንኣምላክዐምድላይ፣ እዚ ርድኢት እዚ ካብ ሕይወትን ተመኩሮን ሰብ ዝነቅል ኮይኑ በቲ ሓደ ወገን ትሕትና የምጽኣልና እሞ፣ ካብ ክፉእ ከምእንፍለ ይገብረና ብካልእ ወገን ንኣምላክዐናይ ምድላይ ሃረርታ የፈጥረልና።
  ፈረ ናይ ምድላይ ኣብ ኣምላክዐዝርከብ ሰላም ይህብ፣ እዚ ከኣ ፍቅሪ እዩ፣ እምበር ካብ ኣስተንትኖ ቃል ዝርከቡ ገለ ኣገደስቲ መንፈሳዊ ፍረታት እዚኣቶም እዮም።

1) ጽንዓት (consalatio) ሮሜ 12፡8,15፡4, 2ቆሮ1፡3ርኤ) ውሳጣዊ ደስታን ናይቲ ቃል መቀረትን ሓቅነትን ንኣምላክዐዘክዕብ ካብ ኣስተንትኖ ዝርከብ ብርሃን እዩ።

ነዚ ፍረ መንፈስ ቅዱስ ዘስተማቅር ዘበለ ኣብ ኩነት ብርሃን ይነብር እሞ ኣብ ፍቅሪ ኣምላክዐከም ዝኣተወ ይስምየ፣ እቲ ቃል ከኣ ሰመያዊ ምኳኑን ዓይኒ ተለውጦ ምኳኑን ይርዳእ። ኣብ ጊዜ ፈተና ሕይወትን ጊዜ ጸገምን ከኣ ቅ.መጽሓፍ መጽሓፈ ጽንዓት፣ ደስታ፣ ተስፋ፣ ኮይኑ ይረክዐ። ናይዚ መረጋገጺ ኣብ ተመኩሮ ቅ.ጳው ንረክዐ ሮሜ 15፡4 ኣንብብ)።

ቤ/ያን ኣብ ዘመናት ፈተናን ሰደትን በዚ ናይ መንፈስ ቅዱስ ህያብ እዚ ክትሓልፎ ክኢላ። በዚ ህያብ'ዚ ሰማዕታትን ሰባክያነ ወንጌልን መስረትቲ

ማሕበራትን ነቲ ኣዝዩ ጽንኩር ጊዜን ጸገምን ተጻዊርም ነቲ ብዓቕሚ ሓይሊ ሰብ ንበይኑ ኪገብር ንዘይክእል ኪገብሩ ዝተረኽቡ።

2) መንፈሳዊ ሌላ፡ ዝበሃል ነቲ ናይ ኣምላኽ ነገራት ካብ ናይ ክፍኣት ነገራት ፈሊካ ናይ ምክፋል ዓቕሚ እዩ። ኣብ ዕለታዊ ኣከያይዳ ሕይወት ዝርከብ ጸገማት ናይ ሕይወት እንክትወስድ ፍቃድ ኣምላኽ ኣንቢብካ ምክፋል እዩ። ጳው ምልላይ መናፍስቲ ቢሉ ዝጽውዖ እዩ። (1 ቆሮንጦ 12፡1-11)፡ እዚ ናቶም ኣብ ልዕሊ ካልኦት ሓላፍነት ንዘለዎም ኣገዳሲ እዩ።
"እቲ ናይ ሓቂ መንፈሳዊ ሌላ ሰለስተ ነገራት የድልይዎ።
ምርኣይ፡- ንኣምላኽ ክትረኽቦ ሃረርታ ምግባር
ብልቢ ምርዳእ፡- ምስ ኣምላኽ ንምርካብ ክፉት ምኻን
ምልዋጥ፡- ንጹሕ ኣተሓሳስባ ሃልዩካ ካብ ርእይቶካ ካብ ዝጠብቀካ ናይ ዓለም ነገራት ፍሉይ ምኻን።

እዘን ሰለስተ ነገራት ናይ እምነት ዝንባሌታት እየን፡ እዚ እምነት እዚ ብንጽሕና ካብ ምልላይ ናብ ምርጫ ዘመሓላልፍ ተመኩሮ እዩ"[5]።

ኩሉ ትምህርቲ ኢየሱስ ንሓዋርያት ዝተዋህበ ንጽቡቕን ሕማቕን ክፈልዩ ዝዓለመ እዩ ነይሩ። ስለዚ ምልላይ መናፍስቲ ነበረ። ንሱ ብቃሉ ነፍስወከፍ ሰብ መልእክቲ ሕይወቱ ኪቕበል ይዕድም፡ ሮሜ 12፡2 ናይዚ ኩሉ መምህር መንፈስ ቅዱስ እዩ። (1ዮሓ 2፡27) ኣብ መንፈስ ቅዱስ ዝተኣመነ፡ ብውሳጣዊ ተመኩሮ ካባኡ ዝኸውን ዓይነት ትምህርቲ ይቕበል። እዚ ከኣ መምርሒ ሕይወቱ ይኸውን።

3) ምርጫ ውፉይ ሕይወት

ኩሉ ምርጫ ሕይወት እንገብሮ ንውፉይ ሕይወት ኮነ ንካልእ ካብ ሥራሕ መንፈስ ቅዱስ ዝለዓልን ዝፈርን እዩ። ወትሩ ኣምላኽ እዩ። ልባት ሰባት ዘንቀሳቕስ እሞ ብነጻ ከምዝሓርዩ ዝገብር። ንውፉይ ሕይወት ዝመርጽ ወትሩ እቲ ምስ ክርስቶስ ዕሙቕ ፍልጠት ሓድነትን ዘለዎ እዩ። ብዝተረፈ ብዛዕባ ውፉይ ሕይወት ክንዛረብ ኣይንክእልን።

ሓደ ሓደ ጊዜ ነቲ ጽቡቕ ካብ ሕማቕ ናይ ምፍላይ ክእለት ንረክብ ንከውን። እንተኾነ ናብ ክርስቶስ ገጽና ምእንቲ ከነምርሕ ካብቲ ጸገም ወይ ፈተና ክንወጽእ ሓይሊ ዝህበና ንደሊ። ነዚ እቲ ጥቡቕ ርክብን ሌላን ምስ ክርስቶስ ዘለዎ ጥራሕ እዩ ኪሰግሮ ዝክእል።

4) ብመንፈስ ቅዱስ ምስራሕ

ብመንፈስ ቅዱስ ዝንበር ሕይወት ምስክርነትን ብሥራትን ሓዋርያነትን ካተከከዚስን ይኸውን። ንባበ መንፈስ ቅዱስ ንባባ ጥራሕ ኣይኮነን፡ እንታይ ደኣ ኣብ ተግባር ምግባርን ምንባርን እዩ። እቶም ንቃል ሰሚዖም ኣብ ተግባር ዘውዕልዎ ብፁዓን እዮም ሉቃ "11፡28"

ኣብ ግብሪ ብዝወዓለት ቃል ኣብ ክርስቶስ ክንበጽሕ እንክእል፡ ቅ.ጳውሎስ "ክርስቶስ እምበር ኣነ ኣይኮንኩን ዝነበር - - - - " ገላ 2፡20, ፊሊ 1፡21,

---

[5] T.Beck, Giovanni Della Croce, il discernimento dono dello Spirito, EDB,Bosogna 1986,49.

ንዓይ ምሰሉ ቢሉ ከኣ ይምዕድ፥ 1ቆሮ11፥1 ስለዚ ናይ ክርስቲያን ተግባር ነቲ ቃል ብቅንዕናን ብፍቅርን ምንባር እዩ። ብመንፈስ ቅዱስ ምስራሕ ማለት ነቲ ናይ ቃል ረዳኢ ዝኮፀ ኣማኒ ምፍቃር እዩ። እዚ ተግባር እዚ ቀስ ቢሉ ተመስጦ ይከውን ምክፀያቱ ወንጌላዊ ተግባር ካብ ጸሎት እዩ ዘለዓል፥ ምግባር ካብ ምህላው ይውለድ።

---------------------------------------------()()()-----------------------------------------